# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.8 | ረቡዕ 10 መስከረም 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ተወሰኽቲ መግቢ ኣውደኣት


ገጽ 5
ዝኽሪ መስከረም
ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ

ገጽ 8
ዕላማ ህይወት


ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት
ምክልኻል ይቕጽል


## ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ገምጋም ንጥፈታት ዓመተ-ትምህርቲ 2024/25 ኣካየዱ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብ8ን 9ን መስከረም፡ ንኸሰጋስ ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዓመተ-ትምህርቲ 2024/25 ኣብ ዞባታት ዝገበሮም ኣኼባ ብምኽያድ፡ ኣብ መደባት 2025/26 ዘትዩ።



ወኪል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ሕሉፍን ህሉውን ብቕዓት ምርኩስ ብምግባር ዝኸይድ ገምጋም፡ ብልጫታት ንምዕቃብ፡ ድኻማት ንምእራም፡ ከምኡ'ውን ብወሃድ ዕዮ ዝቕለሰን ቀጻልነት ዘለዎን ዓይነታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣገዳሲ ምዃኑ ገለጹ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ጨናፍርን ኣሃዱታትን ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ዝዘረኸብሉ ገምጋም፡ ንንጥፈታት ጨናፍር ዞባታት፡ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ከምኡ'ውን ቤት ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ዝምልከት ጸብጻባት ቀሪቡ።

ኣብቲ ጸብጻብ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ዝዘዓመ ስራሕ፡ መደብ ትምህርቲ ንዓበይትን ምጥፋእ መሃይምነትን፡ ኣበርክቶ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራታት፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ብመንጽር ዝበረ ብልጫታትን ብድሆታትን ዝርዝራዊ መብርሂ ተዋሂቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዘቐደዎ ዘተ፡ መደባት ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ብኣድማዕነት ክድፋኣሉ፡ ጸገማት ትሕተ-ቅርጺ ኣብያተ-


ስእሊ. ሳሚኤል ንጉሰ

ትምህርቲ ክቃለሉ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ሃገራዊ መርመራ 8ይን 12ን ክፍሊ ብዝበለጸ ክማሓየሽ፡ ጉድለት ሱታፍ ምግባር ተመሃሮ ክሕሰብሉ፡ ዋሕዲ መምህራን ቋንቋ ኣደ፡ ከምኡ'ውን ዓይነታት ትምህርቲ ቀጽርን እንግሊዝን ፍታሕ ክናደየሉ ዝበልን ካልእ ለበዋታትን ኣመሓላሊፎም።

ወኪል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ኣብ መወዳእታ፡ ብተሳተፍቲ ዝተላዕለ ዛዕባታት ንንጥፈታት መጻኢ ኣማትን ኣማእዝንን ምንባሩ ብምሕባር፡ ውሽጣዊ ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ብዕቱብ ክስራሕ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ርሑቕ ከባቢታት ክበጽሕ፡ ከለንትናዊ ንጥፈታት ንምዕዋት ዝምልከቶም ኣካላት ሓለፍቲ ወሰዶም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

## ኣብያተ ትምህርቲ ደምበ-ሰምበልን ሰማእታትን ተመሃሮኦን ሸሊመን

ኣብ ዞባ ማእከል - ኣብያተ ትምህርቲ ደምበ-ሰምበልን ሰማእታትን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ዓመተ-ትምህርቲ 2024-2025፡ ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ 253 ተመሃሮኦን ሸሊመን።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ እትርከብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደምበ ሰምበል ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ 3 ክሳብ 4 ምሉእ ነጥቢ ዘመዝገቡ 60 ተመሃሮ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ 90 ንላዕሊ ነጥቢ ዝመዝገቡ 74 ተመሃሮ ኣብ ዝሸለመትሉ፡ ርእሰ መምህር ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ፡ መምህር ነጋሲ ወልዱ ንወለዲ ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ሓላፊ ምክትታል 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብተመሃሮ ተረኺቡ ዘሎ ልዑል ውጽኢት፡ ብወሃድ ኣበርክቶ ተመሃሮ፡ መምህራን ወለድን ዝተሓፍሰ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ተመሃሮ ንዝለዎም ብቕዓት ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ ትምህርቶም ብዝለዓለ ክድርዕዎ ተላቢዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንክሎ፡ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ኣብ ኣዳራሽ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ኣብ ዘቐደደቶ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ተሳቲፎም ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዝመዝገቡ 119 ተመሃሮኣ ሸሊማ።

ርእሰ-መምህር 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት፡ መምህር ብርሃነ ወልዱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ ዝተሳተፉ 286 ተመሃሮ ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ከምዝረኸቡ ሓቢሩ።

ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዳይረክተር ጨንፈር ምዘና ሃገራዊ መርመራን ዶክተር ሓሊማ መሓመድ ብወገና፡ እዚ ሸልማት፡ ኣብ መንጎ መምህራን፡ ወለድን ተመሃሮን ዝኸይድ ስሉሳዊ ርክብ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ዝተጸበረቐሉ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ።

ኣቦመንበራት ኮሚቴ ወለዲ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ደምበሰምበልን ሰማእታትን በብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ወለዲ ምስቲ መንግስቲ ብቐጻሊ ዝገብሮ ገዚፍ ወፍሪ፡ ደቆም ኣብ ምክትታልን ንትምህርቲ ደገፍ ኣብ ምግባርን ጻዕርታቶም ክቕጽሉ ተላብዮም።

ኣብቲ ዕለት፡ ተሸለምቲ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ወረቐት-ምስክርን መዳልያን ተዓዲሎም።


ስእሊ. ዙቤር ሲዒድ



## ዜና

# ማእከል - ኣሃዱ ምሕደራ ማይ፡ ብቐዓት ማይ ንምርግጋጽ ይነጥፍ

ኣሃዱ ምሕደራ ማይ፡ ጽርየቱን ብቐዓቱን ዝተረጋገጸ ማይ ክህሉ፡ ደረቐን ፈሳስን ጉሓፋት ንምውጋን ብወሃደት ክስራሕ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ሚኒስትሪ ማይ፡ መሬትን ኣካባብን፡ ሓላፊ ኣሃዱ ምሕደራ ብቐዓት ማይ ኣቶ ኤፍሬም ተፈራ፡ ምስ ኤሪና ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ቡቲ ኣሃዱ ኣብ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ መጸናዕቲ ጸጋታት ማይ፡ ምርምራዊ ስርሓትን ክትትል ጸጋታት ማይን ዝተኻየዱ ንጥፈታት ኣመልኪቱ መብርሂ ሂቡ።

እቲ ኣሃዱ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ሃብቲ ማይ ናይቲ ሚኒስትሪ ምስ ዝርከብ ጨናፍራት ኮይኑ ብዘካይዶም ዕማማት መረጋገጺ ብቐዓት ከምዝህብ ሓቢሩ።

ንሓፈሻዊ ብቐዓት ዘቤታዊ ትሕዝቶ ዝኾነ ማይ ብደረጃ ሃገር ኣመልኪቱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ሓበሬታ፡ 89 ሚእታዊት ጨዋምነት ቅቡል፡ 59 ሚእታዊት ሕፍሰት ካልስዩምን ማግነዝዩምን ዝዓበለ ማይ፡ 91 ሚእታዊት ድማ ናይትሬት ትሕዝቶ ዘለዎ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ኣሃዱ፡ ብመሰረት መምርሒ ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ ጸፍሓውን ትሕተብሓቲኣውን ማይ ካብ ብኸላ ንምክልኻል ብክፍሊ ሃብቲ ማይ ዝወጹ መምርሒታት ንምትግባርን ቴክኒካውን ሞያዊ ምኽርን ኣገልግሎት ከምዝህብ ኣቶ ኤፍሬም ወሲኹ ሓቢሩ።

ጽልዋ ዕደና ኣብ ከባቢ ስትራተጂካዊ ዲጋታትን ህዝቢ ብዝዕቢ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢታትን ንምፍታሽ ዛጊት ኣብ ቢሻ ካብ 2014፡ ኣብ ዕደናታት ኣስመራን ዛራን ድማ ካብ 2017 ጀሚሩ፡ ቀጻሊ መርመራ የካይድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብቲ ኣሃዱ ዝሰርሑ ዘለዉ ክኢላታት መንእሰያት ብወገኖም፡ መንግስትን ህዝብን ዝሰልጠኑ ሓላፍነት ብትግሃት ብምስራሕ፡ ጥዑይ ዝሓለወ ማይ ንምቕራብ ከሰርሑ ምዃኖም ገሊጾም።



ስእሊ. በረኸት የማነ

# ጸሮና - ብተበግሶ ኮም ዝተሃንጸ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተመረቓ

ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዑና-ዓንደም፡ ዓዲ-ሓረጸንን ዓዲ-ክረንን - ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንዝበርሆም ጸበት መምሃሪ ክፍልታት ንምቕላል፡ ብተበግሶ ኮም ዝሃነጹ ኣርባዕተ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተመረቓ።

ኣብቲ ናይ መመረቕታ ስነስርዓት ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨንፈር ንኡስ ዞባ ጸሮና ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር ጥዑምዝጊ ጎይትኦም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት ንምምላእ፡ ብደረጃ ኮም ዝወሰዱ ተበግሶታት፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣበርክቶኡ ልዑል ምዃኑን ኣብ ቀጻሊ ብዝለዓለ ክድፍኣሉን ኣዘኻኺሩ።

መምህር ተስፋ ምሉእብርሃን ብወገኑ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ብፍላይ ኣብ ሻምናይ ክፍሊ ጸበት መምሃሪ ክፍልታት ብምንባሩ፡ ተመሃሮ ኣርባዕተ ሰዓት ተጓዒዞም ናብ ሓውሲ ከተማ ኩዓቲት ብምግዓዝ ትምህርቶም ይከታተሉ ብምንባሮም፡ ጸገሞም ከምዝተፈትሐ ኣረዲኡ።

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ወኪል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ኣብ ዘስመዖ ናይ መዘዞሚ ቃል፡ ብህዝብን ምምሕዳራት ከባብን ዝተወስደ ቅዱስ ተበግሶ ብምንኣድ፣ ኂ ኹ ድማ ወጽኢትን ብቕዓትን ተመሃሮ ንምምሕያሽ ሓባራዊ ጻዕሪ ክሕየል ተላበዩ።

# ጋሽ ባርካ - ንኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዝሕግዝ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ቈልዑ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ክረኽቡ ዝሕግዝ ስልጠና፡ ንልዕሊ 900 ደቂኣንስትዮ ተዋሂቡ።

እቲ ኣብ ኣሕደርቲ ኣብዮት-ትምህርቲ ጎኔ ኣመላይት፡ ኣቐርደት ከምኡ'ውን ከለኛት ሓመልማሎ፡ ማይ-ኾፍሕን ዓዲቐይሕን ዝተኻየደ ስልጠና፡ ብቛንቋታት ትግረ፡ ትግርኛ፡ ዓረብ፡ ኩናማ፡ ናራ፡ ብዓወየትን ሳህን እዩ ተዋሂቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ መምህር ያሲን መሓመድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ንዝተዋጽኣ ደቂኣንስትዮ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብሸነኺ ራሕቒ ቦታ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድል ከይረኸቡ ዝጸንሑ ቈልዑ፡ ኣብ ከባቢኦም ክምሃሩ ባይታ ዝፈጥር ምዃኑ ኣረዲኡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ፍራንኮ ኩብባ ብወገኑ፡ እቲ ብልዑል ተሳትፎን ድሌትን ሰልጠንቲ ዝተተግበረ መደብ፡ ኣካል ናይ'ቲ መንግስቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ብምምልካት፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምኦ ስልጠና ኣብ ባይታ ክትግብርኦ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ'ቲ ብ2 መስከረም ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጎኔ ዝተኻየደ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ንኣሰልጠንትን ሓደስቲ መምህራንን ናይ ኣበርክቶን ተሳታፍነትን ምስክር-ወረቐት ድሕሪ ምሃብ፡ ዝርግሐ ቅድመ-ትምህርቲ ካብ ከተማታት ናብ ምምሕዳር ከባቢታትን ዓድታትን ብምስፋሕ፡ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ካብ 155 ናብ ልዕሊ 650 ከምዝዓበየ ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ዝርግሐ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ኩለን ምምሕዳር ከባቢታት ብዘይምብጽሑ፡ ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ኣስታት 60 ሽሕ ቈልዑ፡ ዕድል ናይ ቅድመ ትምህርቲ ክረኽቡ ከምዘይጸንሑ፡ ሰነዳት ናይ'ቲ ዞባ የመልክቱ።

# ሃ/ማ/ዓ/ኤ፡ ዘሰልጠኖም 35 ኣባላቱ ኣመረቐ

ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስውራን ኤርትራ፡ ንኽልተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ሞያ ክሰልጥኖም ዝጸንሐ 35 ኣባላቱ፡ ብ6 መስከረም ኣብ ኣዳራሽ ቤት ትምህርቲ ዓይነስውራን ኣብርሃ ባህታ ኣመረቐ።

ሰልጠንቲ፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ኮምፕዩተር፡ ኣርትዖት ድምጽን መዚቃን ዝርከቦ ንዓይነስውራን ዝሕግዝ ስልጠናታት ከምዝቐሰሙ፡ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ ኢሳይያስ ተስፋ ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ኢጋጣሚ ኣብ ዘስመዖ ቃል ሓቢሩ።

ምክትል ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስውራን ኤርትራ፡ ኣቶ ዳዊት ሰለሙን ብወገኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ስንኩላን ኣፍረይቲ ንምግባርም ደሰርሕ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ሰልጠንቲ ዝወሰድዎ ሞያ መቐጸልታ'ኡ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ መምህር መሰፍን ወልደሰላሴ ድማ፡ ሰልጠንቲ ረኺቦሞ ዘለዉ ስልጠና ኣብ ተግባር ንምውዓል ክጽዕሩ ኣተሓሳሰበ።

ወኪል ተመረቕቲ ብጾቱ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ዓውዲ ኮምፕዩተር ንዘጋጥሞም ሕጽረታት ብምፍታሕ፡ ናብ ዲጂታላዊ መድረኽ ዘሰጋግር ምዃኑ ብምሕባር፡ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብጉዕባራዊ ስራሕ ከምዝድርዕዎ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ፡ ኣሰልጠንትን መሻርኽቲ ኣካላትን ወረቐት-ምስክር ተዓዲሉ።



ስእሊ. ሳሚኤል ንጉሰ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣመዓብብላ ንመንግስቲ ዘደናድኑ ገበናዊ ጉጅለታት

እዚ ኣብ ሜክሲኮ ኣብ ዞባ ያሊስኮ ተረኺቡ ዘበዝሕ ዘሎ ጃምላዊ መቓብር፡ ኣብቲ ከባቢ ከም ዝንቀሳቐስ ብዝፍለጥ ያሊስኮ ካርተል ናይ ዝተፈጸመ ቅትለት ክኸውን ይኽእል። ካርተላት ናይ "ስራሕ ዕድል" ዝብል ምልክታ ብማሕበራዊ መራኸቢታት የውጽኡ። ብስእነት ስራሕ ዝሽገሩ መንእሰያት ሓጺር ግዜ ሰራሕቶ ዝህደም ሚላ ክጥቀሙ ንሓጺር መኽሰብ ይቕጽሩ። ኣብ ዝተጠርጠሩሉ ወይ ናይ መጀመርታ ጌጋ ኣብ ዝፈጸሙሉ ግዜ ደማ ናይ መውዳእታ ጌጋ ትኸውን። ክርሽኑ ግድን እዩ። ኣብ ሊዩታዊ ትልሂትን ጽርግያን ዝዓያ ኣዋልድ ከም መሲጋገሪ ሓሸሽ ዘገልግላ ቡቲ ኣጸዋወዳ ናታትየም ከም "በቕሊ" ይጥቀሙለን። ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቖጸራ ኣዋልድ እየን ዝርሸና ወይ ደሃየን ዝጠፍእ።

ክሳብ ሕጂ ኣብዚ ንልዕሊ ሰሳ ዓመታት ዝተኻየደ ናይ ኣወለፍቲ ቀመማት ንግዲ፡ ንካርተላት ብምጽናት ምሉእ ብምሉእ ዝተዓወተት ሃገር የላን ክበሃል ይከኣል። ከድኽሙ ይኽእሉ መራሕቶም እውን ክንቕንጸሉ ይኽእሉ። እቲ ንግዲ ግና ክጠፍእ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ዝተኸፍተ መስመር ንግዲ ስለ ዘሎ እቲ ተኻኢ 'ተልመዴን' ገበኛ እውን እንተኾነ ክጥቀመላ እዩ። እታ ካርተል ደማ ከም



ብሓደሽ ትጉብዘን ትሕይልን። እቲ ሽቓጥ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ጠሉብ ክሳብ ዘሎ፡ ሺያጣይ ናብ ዕዳጋ ዘብጽሓሉ ብልሓታት እናፈጠረ ክነግድ እዩ።

ኣመሪካ፡ ኣወለፍቲ ቀመማት ናብ ሃገር ዝኣትወሉ መንገድታት 'ኩሉ' ክትዓጽዉ ክትፍትን ጸጊሓ እያ። ከቢድ ናይ መካይን ፈተሻ፡ ብፈርትን ጃላቡን ዝሰልከሉ ኣገባብት ብምዕጻው፡ ትሕቲ ጸፍሒ ማይ ብዘጉዓዝ ንኣሸቱ ሳብ ማራናት ዝፀደድ ምስዮገጋር ብምፍሻል፡ ኣብ መዓንጣ ሰብን እንስሳን ዝተሓብኣ ብራጂ ጨረር ብምቅላዕ፡ ደባት ብምዕጻው፡ ኣብ ደባት ዝተፋሕሩ መትረብት ብምድፋን ክሰዕ ሕጂ ክትጽዕር ጸኒሓ እያ። ሽቓጥ ናርኮቲክ ግና ኣይዛሓለን።

ዓመታዊ ብዕስርተታት ኣሽሓት መንእሰያት ዝቐትል ከም ፈንታኒል ዝኣመሰሉ ከፊናታት ብሽኽ ላቲን ኣመሪካ ከም ዝሰገሩ እያ ትገልጽ። ፈንታኒል ከም ፊወሲ ቃንዛ ርእሲ ወይ ረስኒ ዝወሰድ መድሃኒት ኩይኑ ናይ ባህታ (ምርቃና) ስምዒት ይፈጥር። ዓቕን ምስ ዝበዝሕ ከኣ ትኸስከስ የብሉ። ጉዳይ ቅልጡፍ ሕክምና እንተዘይረኺቡ ኣይብራብርን። ሓንጎል ስርሑ ኣቋሪጹ ንሓዋሩ ይድቅስ። ኣመሪካ እዚ ኣጸናፊ መንእሰያት ናብ ዕዳጋ ከይኣቱ ከቢድ ጻዕሪ እያ እተካይድ ዘላ። ብወተሃደራዊ ወፈራታት ኑየም ካርተላት ላቲን ኣመሪካ ክተጥፍእ

ወተሃደራዊ ወራራት ክትካይድ ከም እትኽእል እውን ክትገልጽ ጸኒሓ እያ።

ኣወለፍቲ ቀመማትን ሓሺሻትን ዝነግዱ ጉጅለታት ክጅምሩ እንከለዉ ኣብ ኮሎምብያ ኣብ 1970ታት እዮም ጀሚሮም። ኣብ ኮሎምብያ ፔሩን ብራዚል ዝበቍል ኮካ ዝተባህለ ቈጥቋጥ ኣሎ። ቈጽሉ ኣብ መጸረዪ ቤተ ምርምር ተጻርዩ ደማ 'ኮኬይን' ዝተባህለ ኣወላፊ ብኣፍንጫ ዝንሳዕ ሓርፌጮ ይርከቦ። እዚ ኣወላፊ ሓርፌጮ ኣብ ኣመሪካ ብዙሕ ጠሉብ ስለ ዝበሮ፡ ወልቀሰባት ኣብ ሳንጣ እናሓብኡ ክእትውዎ ኣይጸገሙን ነይሮም። ኣብ መንጎ ሓረስቶት ኮካ፡ መቃመምቲን ደላሎን ኣስገርትን ሽየጥትን ዘተኣሳስር

ናይ ንግዲ መስመር ኣብዘን ሃገራት እናማዕበለ ከይዱ። መራሕቲ ዘለዎም ጠርናፋት ጉጅለታት እናማዕበሉ ዘይሕጋውያን ትካላት ክፍጠሩ ጀሚሮም። እቶም ዘይሕጋውያን ትካላት ክጉጃጀሉ እንከለዉ ደማ ካርተላት እናተፈጥሩ ከይዶም። ንምንታይ ብኢጋ ክሕምሽሹን ክጸንዑን ዘይክእሉ ኣሉ ንዝሓትት፡ ብሓያላት ሰብ ስልጣን መንግስቲ ስለ ዝድገፉ ኢልካ መልሲ ምሃብ ይከኣል።

ከም ሽጋራ ዝትከኹ ሓርፌጮ ኣቕጽልቲ (ሓሸሽ) በሰበይኑየም፡ ብሰራወር ደም ብመርፍእ ዝውጋእ፡ ከም ትምባኾ ዝስሓፉ ወይ ከም ጫት ዝሕየኹ - ደረጃ ብርታዕኦም ብዘየገድስ - ሓዞ ዝተረኽበ ብሞት ዝቐጽዓ ሃገራት ኣለዋ። ኣብ ደቡብ ኤስያ ዝርከብ ከም ብሩል ማሌዥያ፡ ሲንጋፖርን ቻይናን ብውሑድ ዓቐን ሓዞ ዝተረኽበ እንተኾነ እውን ብሞት እየን ዝቐጽዓ። ደቡብ ኤስያ ካብ ገበናዊ ጉጅለታት ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ተራ ተጠቀምቲ እውን ናጻ እዩ እንተተባህለ ዝተጋነ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከምቲ ኣብ ኣመሪካ ዝረአ ንተጠቃሚ ወይ ኳጋዳይ ሓሸሽ ብማእሰርቲ ብምቕጻዕ ንግዲ ናርኮቲክስ ምጥፋእ ስለ ዘይከኣል።

## ባህሊ ንግዲ ናርኮቲክስ ምስ ሳዕረረ ዘስዕቦ መዘዝ

ኣብ ሜክሲኮ ቅድሚ ኣስታት 16 ዓመት ኣብ ኣውተቡሳት ተሳፊሮም ዝጉዓዙ ዝነበሩ 46 ሰላጠንቲ ከሊጅ ምድላው መማሃራን ደጽዮም ብምጥፍኦም ንዓኣቶም ንምርካብ ዝገበር ድልየ ክሳዕ ሎሚ ይቕጽል ምህላዉ ይፍለጥ። ኣብቲ ዝተፀደ ዘሎ ድልያታት፡ ያሊስኮ ኣብ ዝተባህለት ዞባ፡ ጥቓ ጓዳላሃራ ኣብ ዝተባህለት ከተማ ኣብ ሓደ ናይ ቀደም ደምባ ምርባሕ ከብቲ፡ ሓያለ ዝተቓጸለ ኣዕጽምቲ ሰብን ንብረትን ተረኺቡ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ደምባ ትሕቲ ግዛ ዝተሳደቁ ናይ ትሕቲ ምድሪ 3 ገዛፍቲ እቶናት ደርከብዎ። ኣብቲ እቶናት ዝተሰብረን ዝደደን ኣዕጽምቲ ሰብ፡ ኣብቲ ምድሪ ቤት ዝዝበታተነ ናውቲ ወልቀሰባትን "ቅድስቲ ሞት" ናይ ዝተባህለት ጣኦታዊ ምስሊን ተተኺሉ ነበረ።

ኣብቲ ደምባ ብዝዕባ ዝተረኽበ ኣጉዱሲ ሓብሬታ ፍተሻን መጽናዕቲን ዝገበሩ ሰብ ስልጣን፡ እቲ መኣከር ኣወላፊ ቀመማት ናይ ዝነግዱ ገበናዊ ጉጅለታት ናይ ርሸና ትቓጣ ከም ዝኾነ ኣረጋጊጾም። ብድኻ እቲ ሓያሎ ቀልህታት ጢያይቲ መቑሕን ልዕሊ 200 ኣሳእንን ብዙሕ ተዳኒጋጢ ቦርሳታት ተረኺቡ። ኣብ ሜክሲኮ ኣብ ገበናዊ ንግዲ ኣወለፍቲ ቀመማት ዝተዋፈሩ ሓያሎ ዕጡቓት ጉጅለታት ከምዘለዉ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፡ ኣየናይ ጉጅለ ኣብቲ መኣከር ከምዝዘበረ ግና ኣይተፈልጠን።

ኣብታ በበጃዋኑ ብዙሕ ጃምላዊ መቓብራት ዝርከባ ሜክሲኮ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተረኽበ ናይ ርሸና መኣከር መን ከም እተጠቐመሉን እቲ ኣዕጽምቲ ናይ መን ምዃኑን ግና ኣይተፈልጠን። መንግስቲ ናይ'ቶም ኣስከሬን ክፍለጥ ናይ ህዝቢ ጸቕጢ ኣሎ። ከመይሲ ኣብ ዝሓለፉ 12 ዓመታት ጥራይ ብናይ ሓሸሽ ገበናዊ ጉጅለታት እናተጨወዩ ዝተሰወሩ ኣስታት 97 ሽሕ ሰባት ስለ ዘለዉ፡ ስድራቤታት ክቕበሉን ሓዘን ክፀጽዉን ደፍኢት ክገብሩ ጸኒሖም እዮም።

ኣብታ ብርቱዕ ናይ ምቕትታል ባህሊ ዘለዋ ሜክሲኮ ኣብ ዝሓለፉ ዕስራ ዓመታት ጥራይ ኣስታት 300 ሽሕ ገበናዊ መቕተልቲ ሰብ ከም እተመዝገበ ምንጭታት ይሕብሩ። እዚ ግድን ምስ ኣወለፍቲ ቀመማት ንግዲ ዝተተሓሓዘ ገበን ዘይኮነስ ብቐንዱ ኣብታ ሃገርን ከባቢ ሃገራትን ዘሎ ሰብ ናይ ምቕታል ባህሊ ዘማዕበሎ ክኸውን ይኽእል። ሜክሲኮ ዓመታዊ "መዓልቲ ሞት" ዝበሃል በዓል ተኽብር። ህዝቢ ንሞትን መንፈስ ሞትን ኣስከሬንን ዘውክል ማሕበን ኩናንን ተኸዲኑ ምስልታት ዝተገዝኡ ሬሳታት ብዖራቢያ እናሰሓብ ኣብ ጎደናታት ወጺኡ ካርኒቫል የካይድ። 'ቅድስቲ ሞት' ዝተባህለት ኣንስተይቲ ጣኦታዊት ኣምላኽ እውን የኽብሩ።



እዚ ኣብ ሜክሲኮ ዝተረኽበ ጃምላዊ መቓብር ኣብታ ሃገር ጥራይ ዘይኮነስ ጎረባብቲ ሜክሲኮ ኣብ ዝኾኑ ሓያሎ ሃገራት ላቲን ዝዝሆድ ተርእዮ ምዃኑ ይፍለጥ። ሜክሲኮ እትርከበን ካብ ሃገራት ላቲን ንሰሜን ጌጹ ናብ ኣመሪካ ዝውሕዝ ገበናዊ ንግዲ ናርኮቲክ (ኣወለፍቲ ቀመማት) ንምቁጽጻር ምምሕዳር ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብዘን ሃገራት ሓያል ደፍኢት ይገብር ከም ዘሎን ክሳብ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክካይድ ይደናደን ምህላዉን ይፍለጥ።

ገበናዊ ጉጅለታት ናርኮቲክ ኣዝዩ ዝተወዳደበ ስርዓት ምሕደራ ስለ ዘለዎም ክፈርሱን ኣባላት ተታሒዞም ናብ ፍርዲ ክቐርቡን ክግበር ዝጸንሐ ጻዕሪ ሓያሎ መንግስታት ክፈሽል ምጽንሑ ይፍለጥ። ከም ሕጋዊ ዋኒን ዘለዎም ሓያሎ እኩባት ናይ ንግዲ ትካላት ብሓባር ዝጸወዕሉ 'ካርተል' እናተባህሉ ብበስሞም ይጽውዑ። ዝሓዝኦዎ ናይ ንግዲ ዞባታት ስለ ዘለዎም ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ናይ ባዕላቶም ውሽጣዊ መንግስቲ ኣለዎም። ናይ ንግዲ መስመር ንምቁጽጻር ኣብ መንጎ ካርተላት ዕጥቃዊ ጎንጺ ክለዓል እንከሎ፡ ከይተደቓቐሰ ደማ ሕንሕነ ክፈዳደዩ ብዙሕ ሰብ ይልከም። ኣብዚ እዋን ካብ ንግዲ ኣወለፍቲ ቀመማት ሓሊፎም ብዙሕነት ናብ ዘለዎ ናይ ኮንትሮባንድን ንግዲ፡ መሸጣ ቈልዑን ኣዋልድን ተሰጋጊሮም ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ኲይኖም ይዓጹ ኣለዉ።

ሕጊ ናይ ካርተል ከምዝነበረ ዝተጠርጠረ ወይ ዝተዋህቦ ተልእኾ ብግቡእ ዘይፈጸመ ኣባል፡ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ክቕበል ግድን እዩ። ኣስከሬን ዝጐሓፈሉ ኣገባብን ስፍራን ከኣ ባዕሉ እቲ ትካል ይሓሊ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ ኣብ ንግዲ ኣደንዛዚ ቀመማት ዝተዋፈሩ ካርተላት ብብዝሒ ከም ዝርከቡ ዝፍለጥ ኮይኑ ቀንዲ ናይ ሽቓጥ መራገፊት ዕዳጋ ኣመሪካ ጊደርም ይነግዱ። ብዕትትል ፖሊስ ብቐሊሉ ዝተሓዙ ናይ ከተማ ዓዋሉ ኣይኮኑን። ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ሓያላት ሰብ ስልጣንን ወተሃደራዊ

ኣዘዝትን ብምውዳብ ስለ ዝንቀሳቐሱ መንግስቲ ዝዕቀና ሓደሽ ሓበሬታ ኣቐዲሞም ይፈልጡ። ንመንግስቲ ኸኣ ብስዕንምቲ እናቐደሙ ይኸዱ። ብዘዝርግሕዎ ሓረግ ርክባት ሓበሬታ ምስጢራት ስለ ዝእከቡ፡ ንጹላእቶም ብውልቂ ብውልቂ እናኣለዩ ብቐንጻላ ይኣልዩዎም።

### ሎሚ ኣብ ERI- TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ያታዊ ህድሞ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ-ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቱራብ |
| 14:25 | ደኩመንታሪ |
| 15:55 | ፍረ ጻዕሪ |
| 16:25 | ኤሪና |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | እንስሳ ዘገዳም |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕነት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ኣከባቢ |
| 22:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ግዛ ራእስታት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ተወሰኽቲ መግቢ ኣዉደኣመት

## ምድላው ብሽኮቲ ብባናና

### ዘድልዩ ጥሪ ነገራት



- 1/2 ኪሎ ግራም ሓርጭ ባናና ወይ ዝተሓምተለ ባናና
- 1/2 ኪሎ ግራም ሓርጭ ስርናይ
- 15 ግራም ቤኪንግ ፓውደር
- 300 ግራም ሽኮር
- 400 ግራም ማርገሪን ወይ ዘይቲ
- 4 ሓባ እንቛቝሖ
- 2 ግራም ሕካኽ ለሚን
- 1 ማንካ ሻሂ ለቢቶ
- ማይ ከም ኣድላይነቱ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

እንቛቝሖ ሽኮርን ማርገሪን/ዘይቲ ሕብሪ ክሬም ክሳብ ዝህብ ብሓደ ንወቕዖ።ኣብ ካልእ መትሓዚ ድማ ሓርጭ ስርናይ፡ ሓርጭ ባናና ፥ብኪንግ ፓውደር ፡ ሽኮር፡ ለቢቶ፡ ብሓባር ንሓዋውሶ። ከም ኣማራጺ ኣብ ክንዲ ሓርጭ ባናና ብጫ ኣዝዩ ዝበሰለ ናብ ምጽምላው ገጹ ዝኸደ ባናና ሓምቲልና ክንጥቀም ንኽእል። ብምቕጻል ኩሎም ጥረ ነገራት ማይ እናሓወስና ጽቡቕ ጌርና ንለውሶ ። ቢሑቕ ብረቂቕ ኣብ ጣውላ ተዘርጊሑ ከምቲ ዝድለ ቕርጺ እናውጻእና ኣብ ፎርኖ ብምእታው ብሽኮቲ ክዳሎ ይኽእል።

ምንጪ. ወሰኽ ክብሪ ባናና

## ምድላው ምቁር ሕብስቲ (ኬክ) ብባናና

### ዘድልዩ ጥሪ ነገራት



- ¼ ኪሎ ግራም ሓርጭ ባናና ወይ ዝተሓምተለ ባናና
- ¼ ኪሎ ግራም ሓርጭ ስርናይ
- 2 ማንካ ሻሂ ለበቶ (ቤክንግ ፓውደር)
- 1 ኩባያ ሽኮር
- 1 ማንካ ሻሂ ቫኒላ
- 4 ሓባ እንቛቝሖ
- ዘይቲ ከም ኣድላይነቱ
- ጨው ከም ኣድላይነቱ
- ሕካኽ ለሚን/ ኣራንሺ ከም ኣድላይነቱ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

መጀመርታ ቤኪንግ ፓውደርን ሓርጭ ባናናን ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ጌርና ንሓዋውሶ።ኣብ ክንዲ ሓርጭ ባናና ከም ኣማራጺ ኣዝዩ ዝበሰለ ናብ ምጽምላው ገጽ ዝኸደ ባናና ሓምቲልና ክንጥቀም ንኽእል ኢና ። ብምቕጻል ሽኮር ፥ዘይቲ/ማርገሪን፡ እንቛቝሖ ኣብ ፍሉይ ዕሙቕ ዝበለ ሸሓኒ ጌርን ክሳብ ክሬም ሕብሪ ዝሕዝ ብማንካ ንወቕዖ ። ኣብ ግዜ ምልዋስ ቫኒላ ወይ ሕካኽ ለሚን/ኣራንሺ ምስኡ ይተሓዋወስ። ከከም ዘድሊ ዓቐን ቢሑቕ እናወሰድንና ዝመሪጽናዮ ቅርጽታት እናውጻና ኣብ ፎርኖ ወይ ባዴላ ብሓዊ ኣህሪምና ምቁር ሕብስቲ ከነዳሉ ንኽእል።

ምንጪ. ወሰኽ ክብሪ ባናና

## ዓተርን ሳላጣን

ሰላጣ፡ ከም ካልኣይ (ተወሳኺ) ምስ ዝኾነ ዓይነት መግቢ ይቐረብ። ፈኩስ ብምዃኑ ድማ ዋላ ኣብ ግዜ ድራር ንበይኑ ክንምገቦ ንኽእል ኢና ። ብመልክዕ ኣዝዩ ሰሓቢ ዝኾነ ሰላጣ፡ ሸውሃት ተመገብቲ ይኸፍት እዩ።



### ዘድልዩ ጥረ ነገራት

- ሓደ ጥቕላል ሰላጣ
- ቀይሕ ሱር
- ካሮቲ ብደቂቕ ዝተመትረ
- ቀመም ሰላጣ
- ሓደ ማንካ ጣውላ ዘይቲ ኣውሊዕ
- (ወይ ዘልና ዓይነታ ዘይቲ)
- ሓደ ኩባያ ዝበሰለ ዓተር
- ሓደ ማንካ ጽማቕ ለሚን

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

- ነቲ ሰላጣ ሓጺብና ብግቡእ ንመትሮ
- ቀይሕ ሱር፡ ካሮት፡ ዓተር ኵሉ በብተራ ምስቲ ሰላጣ ንሕውሶ
- ዘይቲ ኣውሊዕ ኣእቲና፡ ቀመምት ኣወሃሂድና ጽማቕ ለሚን ወሲኽና ንምምጋብ ድሉው ንገብሮ
- ንሹዱሽተ ሰባት ይምግበልና

ተወሳኺ፥ ዓይነ ዓተር ፥ዕፋን፡ ኣዳጉራ፡ ፋጆሊ፡ ምስ ሳላጣ ከም ናይ ዓተር ክንጥቀመሉ ንኽእል።

ምንጪ. ምስጢር ጽሕልና
ኣስመረት ዳምር

## ሰላጣ ፍሩታታት (ማቺዶንያ)

### ዘድልዩ ጥሪ ነገራት



- 2 ማእከላይ ግዝፈ ዘለዎ ኣራንሺ
- 4 ማእከላይ ግዝፈ ዘለዎ ባናና
- ½ ኪሎ ፓፓዮ
- 2 ማእከላይ ግዝፈ ዘለዎ ዘይቲቡን
- 1 ሓባ ለሚን
- ሽኮር ከም ኣድለይነቱ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

ዘዳለናዮ ፍሩታታት ኣራንሺ፡ ባናና፡ ፓፓዮ ቀሪፍና ፡ ብማእከላይ ዓቐን ዘለዎ ግዝፈ ንመትሮ። ፣መቲርና ንኹሉ ኣብ ግፍሕ ዝበለ ዓሚቕ መትሓዚ ብሓንሳብ ንሓዋውሶ። ብምቕጻል፡ ለሚን ጸሚቕና ብላዕሊ ንገብረሉ። ሽኮር ከም ኣድለይነቱ ወይ ንውሰኸሉ ወይ ድማ ከም ዘለዎ ክንምገቦ ንኽእል።

ምንጪ. ምስጢር ጽሕልና
ኣስመረት ዳምር

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ዝኽሪ መስከረም
## ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዱብሓ

ነጸረኣብ ኣዛዚ - ከረን

(9ይ ክፋል)

### ስርሒት ተልኣይን ዑመር እዛዝን – 1 መስከረም 1963

ቁጽሪ ተጋደልቲ ካብ ዓሰርተታት ኣብ ዘይሓለፈሉ እዋን እዩ፡፡ ፖሊስ ካብ ከሩ ሃይክታ፡ ግርግር ወይ እውን ካብ ኣዲባራ ተበጊሶም ክሳብ



ዑመር እዛዝ

ከጎታተዎም ተጻዊቡ ከአ ናብ ብጹቱ ተመልሱ፡፡ በዚ ድማ ተጋደልቲ ክሃጅምዎም ወሰኑ፡፡ ዑመር እዛዝ ተቐዳዲሙ ቦምባ ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብታ ወተሃደራት ዝበጽሓ መኪናኦም ዘለሉ ብምቕራብ ኣርደን (ብረት ኣውርድ) በሎም ብሃዳዲ ድምጺ፡፡ ፖሊስ ብሰንባደ ፈዚዞም ከም ዓንዲ ጨው ደረቑ፡፡ ሓደ ግን ክፍክርን መሬት ክጽሕትርን ጀመረ፡፡ እንተኾነ ንሱ እውን ከም ዘዋቐጾ ፈሊጡ ከም ብጹቱ "ኣማን" በለ፡፡

ዑመር እዛዝ ዕጥቆምን ብረቶምን ከግድፉዎም፡ ጃኬቶም ግን ከይፍትሽዎም ኣዘዞም፡፡ በዚ ድማ ዓጢቖሞ ዝነበሩ ብረት ተሰልቡ፡፡ ድሕሪዚ ዑመር እዛዝ ብዝዕባ ሰውራ ሓጺር መበርሂ ሂቡ ከባቢ ሳዋ ደብጽሖ እኳ እንተነበረ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዓሪፎም ኮፍ ይበሉ ኣይነበሩን፡፡ ሽሁብ ገሊብ እናበሉ ናብ ዝመጽኡዎ ይምለሱ፡፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣቃውማ ተጋደልቲ ካብ መሳርዕ ኣይሰገረን፡፡ ግን ሰማውያን ጋንታታት ነበራ፡፡

ዑመር እዛዝ ምስ ምክትሉ ዑመር ናስር ሽም ዝመርሓዋ ጋንታ ተጋደልቲ ኣብ ሳዋ ወዲሉ ጸሓይ ኣብ ምዕራብ ካብ ሩባ ሳዋ ንምዕራብ ናብ ዘሎ ጎቦታት ገጾ ኣምርሑ፡፡ ብኣንጻሩ ፖሊስ ብወገን ግርግዳ መጺኦም ንተልኣይ (ሰገኖት-ክፍብ) እናተጓዕዙ እቶም ተጋደልቲ ቀዲሞም ረኣዩዎም፡፡ እቶም ፖሊስ ናብታ ጎዲ ምስ ኣተው፡ ጸሓይ ዓረርባ ብምንባሩ ዝጠለሑ ካብኦም ኣብ ወደእን ምቕራብ ሰላትን ተጸምዱ፡፡ ሽዑ ሓደ ካብኦም ተጋደልቲ ካብ ዑመር እዛዝ ሓንቲ ቀርሺ ወሲዱ ዝበለጸ ተመሲሉ እቶም ፖሊስ ናብ ዝነበሩዋ ዱኳን ኣምርሑ፡፡ ዘይጥንቀቕ ነጻ ክሽዱ ሓደንም፡፡ ሓደ ካብኦም ፖሊስ ግን "ምሳኹም ኪጋይልዮ" በሎም፡፡ ንሳቶም ድማ "ብረትካ ምስ ተመሃዘኻ ዲኻ ክትጋደል ኣይንቕበለካን ኢና፡፡ ክትጋደል እንተደሊኻ ድማ ኣይትስሓንና ኢኻ" ብምባል ንሓሳቡ ነጸጉዎ፡፡

ቦታ ዕለት'ቲ እቶም ብዘይ ብረት ጃለ ዝነበሩ ተጋደልቲ ከም ብዓል መሓመድ ዓምር መሓመድ፡ ዝሓሸ ብረት ዓጢቑ፡፡ ሰውራ ብዋሕዲ ብረት ትሸገረሉ ኣብ ዝነበረት 11 ብረት ብዘይ ዝኾነ ደኹን ናይ ሰብ ክሳራ ምስላቦም ዓቢ ዓወት እዩ ነይሩ፡፡ ተጋደልቲ ሽዑ ብረቶም ሒዞም ንሳዋ ናብ ጎቦ ኣማል ገጾም ተመልሱ፡፡ ፖሊስ እውን ንጃባሒቲ ኣግባሎም ዋራሕ ሰሊሖም ናብቲ ዝመጽኡዎ ንግርግር ኣበሉ፡፡ ዳሞግዩ ካብ ግርግር ምስ ሕርቃን ዝተበገሰ ሓይሊ ፖሊስ፡ ንቲ ኣብ ሰገኖትክፍብ ዝጸንሐ ህዝቢ ከም ኣፍ ዕንቀ ኣጸበበሉ፡፡ ንቲ ኩር (ቁርኣን) ዝምህር ሰይድና ማሕሙድ እሞ ገመድ ኣብ ክሳዱ ኣእትዮም ተጋደልቲ ዘለውዎ ቦታ ክሕብር ከም ብጋዕ ወጠጡዎ፡፡ ኣብ መጨረሽታ ግን ዋና ናይታ ኣብ ሰገኖትክፍብ ዝነበረት እኽሊ ደኳን ኣቶ መሓመድ ዑመር "ሸኽ ሕድጉዎ ኣነ ተጋደልቲ ዘለውዎ ቦታ ክርእየኩም እኽእል'የ" በሎም፡፡ ተጋደልቲ ዝርከቡሉ ክርእየም ከአ ካብ ሰገኖትክፍብ መሪሑዎም ንዳባ ሳዋ ሰጊሮም ናብ ታባ ኣማል ገጾም መረሸ፡፡ እንተኾነ ግን ፖሊስ ምስ ተጋደልቲ ፊት ንፊት ዘጋጥሞም ትብዓት



ኣደም መሓመድ ሓሚድ ግንደፍል

ዝበርዎም ኣይመስሉን ኣመኻኒዮም ንድሕሪት ተመልሱ፡፡

### ኣብጥያረን ኣዲባራን -13 መስከረም 1963

ኣብቲን ቀዳሞት ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ፡ እቲ ካብ ሃገራት ዓረብ ክመጽእ ተስፉ ዝተገብረሉ ኣጽዋር ክርከብ ኣይተኻእለን፡፡ ዕጥቅን ብረትን ከየውሓለ ድማ ብረታዊ ቃልሲ ምኽያድ ዝከኣል ኣይነበረን፡፡ እቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብጅቕጢ ፖሊስ ብዘይ እኹል ቀረብ ሰብን ዕጥቅን ዝጀመሮ ቃልሲ ኣብ ፈለማ ከቢድ ጸገም እዩ ኣጋጢሙ፡፡ ኩሉን እተን ሓምድ ብህይወቱ ከሎ ዝተኻየዳ ሽዱሽተ ግጥማት፡ ፖሊስ ኣሰር ሓምድ እናሰዓቡ ዝፈጸሙወን እምበር ብድሌት ሓምድ ዝተፈጸማ ኣይነበራን፡፡ ውሑድን ኣረጊትን ብረታት፡ ቀሩብ ቁሪብ ተተኳሲ ሒዙ፡ ኣንጻርቲ ካብ ኣመሪካ ብሉጽ ዕጥቂ ዝረክብ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክትገጥም ምፍታን ኣደዳ መሰዋእትን ምምራኽን'ዩ ትርጉሙ፡፡ ሓምድ ብመሰዋእቲ ኣብ ዝተፈለየሉ እዋን ከአ ገና ጉዳይ ዕጥቅን ተተኳስን ፍታሕ ኣይተረኸቦሉን ነበረ፡፡ ተጋደልቲ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ መብዛሕትኡ ጠያይቲ ካብ ውልቀ ሰባት፡ ከምኡ'ውን ካብቶም ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ተጋደልቲ ዝተረኽበ እዩ፡፡ ዓሰርተ ዝልገሙ (ኣብ ዓሸራ) 5 ብረት ስርሓት እንግሊዝ ከምኡ'ውን 5 ሸንጉጥ ኣብ ሰውድያ ዝነበሩ ኤርትራውያን ገዚኦም ኣዋጺኦም ካብ የመን ዝገዝእዎ፡ ኣብ ግንቦት 1962 ካብ የመን ብመገዲ ሰውድያ ናብ ካርቱም ካብኡ ናብ ሜዳ ዝበጽሓ እውን ነይረን፡፡ ኣብ ምብጻሕ እዘን ብረታት ኣበርክቶ ሃገራውያን ከም ብዓል መርከበኛ ኣሕመድ ሸኽ ፈረስን ብጹቱን ዓቢ ነበረ፡፡

ተጋደልቲ ግን ብረት የብልናን ኢሎም ክሳብ ፍታሕ ዝመጽእዎም ኮፍ ኢሎም ኣይተጸበዩን፡፡ ንጸላኢ ብጥይቱን ብረቱን ዝብል መምርሒ ካብ ቀዳመይቲ ዓመት ናይ ሰውራ ዝፈለመ እዩ፡፡ መሰዋእቲ ከፊልካ ብረት ምስላብ ፍትንቲ መድሃኒት ናይቲ ጸገም ነበረ፡፡ ከም ኣካል ናይዚ ዕማም'ዚ፡ ዑስማን ኣቡ ሸነብ ምስ መሓመድ ዑመር ዓብደላ ኣቡ ጥያራ ብ13 መስከረም 1963 ንታ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ዝነበረት ነቑጣ ፍላሃ ኣዲባራ ኣጥቂዖማ፡፡ 4 ብረታት፡ 142 ጠያይት፡ ከምኡ'ውን ሰለስተ ኣግማልን ዝተፈላለየ ኣቑሑትን ድማ ሰለቡ፡፡ ብተወሳኺ ነቲ ንሱዳንን ኤርትራን ዘራኽብ መስመር ቴሌፎን በታተኹዎ፡፡ ንባንዴራ ኢትዮጵያ ኣውሪዶም ከአ ባንዴራ ኤርትራ ሰቒሎም ብሰላም ወጹ፡፡

### ግንደፍልን ሃይክታን - 19 መስከረም 1963

ቁጽሪ ተጋደልቲ እናወሰኸ ብዝኸደ መጠን ሸግር ዕጥቂ መመሊሱ ኣጸጋሚ እናኾነ ይኸይድ ነበረ፡፡ ኣብ ሓንቲ መሳርዕ ካብ ብረት ዝጠፍኡ ሰፍን በትርን ዝሓዙ ተጋደልቲ በዚሑ፡፡ ዚ ሸግር እዚ ንምፍታሕ ድማ ኣብ ሓልሓል ተልኣይ ኣዲባራን ፍሉይ ናይ ብረት ዘለገለ ጠበንጃ፡ ሓንቲ ሽጉጥን ሰለስተ ሽሕ ጠያይትን 'ነም ዝዛዘርፈ' እውን ወሲኹ ይሕብር፡፡





መሓመድ ዑስማን (ኣቡ ሸነብ) - ኣብ ማእከል

ምስላብ ስርሒታት እኳ እንተተኻየደ ናይ ሃይክታ ግን ሓለፋ ነበሮ፡፡ ኣብኡ መሰደመም ትብዓትን ጅግንነትን እዩ ተፈጺሙ፡፡

ኣብ ሃይክታ ስርሒት ክካየድ ምስ ተሓሰበ፡ ዕላት ውጥን መጥቃዕቲ ንምውጻእ፡ ብዝተፈላለየ ሜላታት መጽናዕቲ ተኻየደ፡፡ ግንደፍልን ብጹቱን ሓንሳብ ጽሒል ተመሲሎም፡ ኣብ ካልእ ግዜ ጥዑያት ኮይኖም ኣብ ሃይክታ መጽናዕቶም ኣጻፈፉ፡፡ በቲ ዘውጻእዎ ውጥን መሰረት ከኣ ኣብታ ስርሒት ዝካየደላ ዕለት፡ ካብ ባረንቱ ንዝተበገሰት ኣውቶቡስ ኣብ መንጎ ሃይክታን ባረንቱን ከኣርም፡ ንተሳፈርታ ኣውረድዎም፡፡ ኩሎም ተጋደልቲ ስሺል ክዳን ተኸዲኖም፡ ብረቶም ከዊሎም ነበሩ፡፡ ኣብታ ኣውቶቡስ ተሰቒሎም ድማ ሰላማውያን ተጓዓዝቲ መሲሎም ሃይክታ ክኣትዉ ኣይተሸገሩን፡፡ ካብታ ኣውቶቡስ ኣብ ፊት መደበር ፖሊስ ሃይክታ ወሪዶም ድማ፡ ብቐጥታ ነቲ መደበር ፖሊስ ሃጀሙዎ፡፡

ኣጋ ምሸት እዩ ነይሩ፡፡ ዝበዝሑ ኣባላት ፖሊስ ሃይክታ ኣብቲ ነቑጣ ኣይጸንሑን፡፡ ብቕጽበት ከአ ንቲ ኣብኡ ዝጸንሐ ዋርድያ ቀቲሎም ንታ ነቑጣ ተቖጻጸሩዋ፡፡ ካብ 20 – 30 ደቓይቕ ኣብ ዘይሓልፍ ግዜ ኩሉ'ቲ ኣብታ ነቑጣ ዝነበረ ብረታትን ተተኳስን ተሰለበ፡፡

ናይቲ እዋን'ቲ ጸብጻብ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ በታ ዕለት'ቲኣ ኣብ ነቑጣ ሃይክታ ክልተ ወተሃደራት ተቐቲሎም ኣርባዕተ ከም እተወግኡ ሰኒዱዎ ኣሎ፡፡ ብዘይካ'ዚ ሰለስተ ሰላማውያን ሰባት ናይ ምቕታል ሓደጋ ከም ዘጋጠሞም እቲ ሰነድ ይገልጽ፡፡ ሓደ መትረየስ ምስ 11 ካዝና፡ 29 ዲምፍትር ጠበንጃ፡ 2 ኢም ዋን 8 ናይ ኢድ ቦምባ፡ 9

ኣብዚ ስርሒት ተጋዳላይ መሓመድ ከራር ተሰውአ፡፡

ኣደም ግንደፍል ቃልሲ ኣብ ምጅማር ኣብ መንጎ ሓምድ እድሪስ



ዑመር ናስር

ዓዋተን ከሰላን መራኽቢ መስመር ኮይኑ ንኣስታት ሓደ ዓመት ካብን ናብን ሜዳን ከሰላን እናተመላለሰ ንሓምድን ነቶም ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን ዝነበሩን ድልድል ኮይኑ ዘገልገለ እዩ፡፡ ኣብ መጨረሽታ ድማ መሪሖም ናብ ሜዳ ቃልሲ ዝተጸንበረ እዩ፡፡ ብሉጽ ብልሓትን ልዑል ትብዓትን ዝተረኣየ ስርሒት ሃይክታ፡ ብቐንዱ ውጽኢት ጅግንነትን ቀራጽነትን ግንደፍል ምኻና ብጹቱ ይምስክሩሉ፡፡ ምድሪ ኤርትራ ካብ ዘፍረየቶም ምዑታት ጀጋኑ ሓደ ዝኾነ ግንደፍል፡ እቲ መጥቃዕቲ ምስ ተፈጸመ ኣብ መደበር ፖሊስ ሃይክታ ባንዴራ ኢትዮጵያ ኣውሪዱ ባንዴራ ኤርትራ ሰቒሉ እዩ ወጺኡ፡፡ ሳላ እዛ ስርሒት ከኣ ብዙሓት ጃለ ዝነበሩ ገዳይም ተጋደልቲ ብረት ዓጢቖም ንጸላኢ ብጥይቱን ብብረቱን ከምትኩዎ በቒዖም፡፡

ይቕጽል . . .

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Mine Training Coordinator**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Establish a Mining Operation Training section within the safety and training function to facilitate safe, productive and sustained operations at Asmara Mining Share Company.
- Establish a solid team, develop training plans for team members and coordinate the development of their skills. Provide a competency-based training and assessment system in the areas of mining operation.
- Coordinate mine operations training programs and activities which includes all mobile equipment training, assessment, licensing and permitting program for Asmara Mine sites, head office and its business partners.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

Health and Safety Management

- Communicate all Health and Safety procedures and protocols to site drivers and operators.
- Accept personal responsibility for the health and safety of every employee under or assigned to his/her supervision.
- Oversee that all drivers and operators, including third party bussing and staff transport understand and comply with site traffic, equipment control and operating standard
- Support investigating all LV and other mobile equipment events to ascertain root cause and socialize lesson learned.

Training Planning and Analysis

- Contribute to the provision of an appropriately trained and skillful workforce for operations.
- Liaise with Mining management in identifying training needs of operations staff.
- Develop annual training business and session plans, as well as associated schedules, in consultation with the Mining management team to make provision for ongoing and expected trainings.
- Conduct training needs analysis on operations employees and create development plans for all operations staff in their current roles.
- Identify training needs through determining risk profiles and training matrices and request these from the relevant supervisors and/or managers.

Staff Supervision

- Provide direct supervision to ALL mine operation trainers.
- Supervise training conducted through allocated staff by:
- prioritizing and allocating tasks / responsibilities.
- checking and controlling the quality of facilitation.
- providing on-the-job training, mentoring, coaching and guidance to trainers.
- performing performance appraisals.
- recommending further / relevant training courses and development actions.
- disciplining poor performance or actions
- enhancing communication with staff through regular feedback, contact, meetings and briefings.

Training Module Development

- Contribute to the conceptualization, development and update of Mine Operations learning solutions.
- Research, plan, and develop training modules to meet training needs, as per the competencies required; schedule and socialize training sessions.
- Introduce and commission new simulator equipment to the site and develop standard operating procedures for its use.
- Create scenarios using simulator control application software to train and assess Mine Operations personnel on simulators for production, safety and maintenance improvement programs.
- Secure external vendor training, if required.
- Schedule classes, OJTT, assessments and certifications to capacitate a trained and skillful workforce for the mining operations.

Training Execution

- Coordinate and provide cost effective competency-based training and assessment programs to employees to develop required skills and values.
- Oversee the planning, scheduling, implementation and reporting of traineeships, which include mobile equipment licensing and permit program.
- Conduct both Technical and Competency based training for Mine Operations, Process Operations, Mine Maintenance, Supply Chain to enhance operators' skills to meet equipment availability.
- Support Mining Department in the process of recruiting workforce to be appointed into the Mining department.
- Liaise with Original Equipment Manufacturers, to conduct train-the-trainer courses, for the upskilling of trainers.
- Travel to other AMSC sites to support training and assessment.
- Support delivers mobile equipment assessment evaluations for project-related employees.

*Continued on page 7*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Continued from page 6

Training Evaluation and Maintenance

- Confirm that all training and assessment procedures are followed and all competencies; standards and/or regulations met before signing for the issue of certificate and permit.
- Evaluate trainer's performance and develop Mine Operations trainers to impart the required technical skills and knowledge, in accordance with prescribed curriculum, programs and standards.
- Oversee all training document controls by forwarding updated and changed content for review and approval.
- Supporting the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving operations work quality.
- Record training data and oversee the effective storage of such records via electronic and hard copy means.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's Degree in a Mining related discipline OR<br>• Mine Foreman/Engineering Superintendent Certificate of Competency<br>• Workplace Trainer and Assessor IV<br>• Trainer Advantage Certification |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 6 years' generalized experience in Mine Operations, with previous facilitation experience, of which 2 – 3 years should be in a supervisory and/or coordinating capacity.<br>• Proficiency in multi-equipment operation |
| Technical Skills | • Leadership skill in multi-disciplinary environment.<br>• Advanced mine equipment simulator skills.<br>• Strong training needs analysis skills.<br>• Strong analytical and problem-solving skills.<br>• Strong communication (written and verbal) and interpersonal skills.<br>• Advanced computer application skills<br>• Strong facilitation skills.<br>• Strong stakeholder engagement skills.<br>• Strong coaching and mentoring skills.<br>• Ability to manage multiple tasks, data and crews.<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Approachable<br>• Assertive<br>• Continuous Learning<br>• Dedicated<br>• Goal Oriented<br>• Influential<br>• Initiative<br>• Leadership<br>• Pro-Active<br>• Reliable<br>• Results Driven<br>• Safety Conscious<br>• Technically Inclined<br>• Organized |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period (2 years)
- **Salary:** As Per company scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



### ምስጋና

ክብርቲ ብጻይቲ ቤተይ ወ/ሮ ምሕረት ግርማጽዮን፡ ኣብ መበል 77 ዕድመኣ ብሕማም ስለዝዓረፈት፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጉዳይና ዘቃበርኩምና ከምኡ’ውን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምና ፈተውቲ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብጻይ ቤታ ኣቶ የውሃንስ ብርሃ መሓሪ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ታሸዓይ ክፋል

# ዕላማ ህይወት

> *"ኣብ ገዛእ ርእስኻ ልዑል እምነት እም ኣሕድር፡ ካብ እቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኣእምሮኻ ሰኣልካዮ ዘይትፈልጦ ንላዕሊ ሓያል ክትከውን ኢኻ።"*
> ***- ሳራ ደሰን***
>
> *"ገዛእ ርእስኻ ዘይትፈቱ እንተ ደኣ ኾንካ፡ ንኻልኦት ሰባት ኩሉ ክትፈትዎም ኣይትኽእልን ኢኻ።"*
> ***- ሮበርት ሀይንለይን***

ብዙሓት ሊቃውንቲ ብዛዕባ ኣብ ምዕባለ ርእሰ ክብሪ ዝኸሰት ሱምንቅስቓስ (ዳይናሚክስ) ማእለያ ዘይብሎም መጽናዕታውያን ጽሑፋት ኣበርኪቶም እዮም። ጸቡቕ ወጽኢት ከም እተረኸቦም ከኣ ይግለጽ።

ኣምር ርእሱክብሪ ኣብ ናይ ሊቕ ስነ ልቦና ኣብርሃም ማስሎ መሳልል ድሌታት፡ ኣገዳሲ ቦታ ተዋሂብዎ ኣሎ። ርእሰ ክብሪ ሓደ ካብ መሰረታውያን ሰብኣዊ ድርኺታት ምዃኑ ተሰማሚዑ ኣሎ።

ዶክተር ኣብርሃም ማስሎው፡ "ውልቀ ሰባት ብኻልኦት ሰባት ክኣዱ ክነር ባህጊ ኣለዎም። ወሸጣዊ ርእሰ ክብሪ ክሃገጹ እውን ይደልዩ እዮም። ክልቲኦም እዞም ድሌታት ክዕብዩ ኣለዎም ምእንቲ ሓደ ውልቀ ሰብ ክዕብን ናብ ደረጃ ርእሰ ምርግጋጽ (self-actualization) ክበጽሕን።" ክብል ይገልጽ።

መሳልል ድሌታት ዶክተር ኣብርሃም ማስሎው፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

1. ፊዝዮሎጂያዊ (ኣየር፡ መግቢ፡ ማይ)
2. ውሕስነት (ጸጥታ፡ ጥዕና)
3. ፍቕርን ዋንነትን (ዓርከ ምሕዝነት፡ ጥልቂ ርክብ)
4. ክብሪ (ምኽባር፡ ርእሰ ተኣማንነት)
5. ርእሰ ምርግጋጽ (ውልቃዊ ዕብየት፡ ዓቕምኻ ምምሃዝ)

ኣብ እዚ መሳልል ድሌታት ብዝጸር ከም እነንብቦ ዘለና፡ ርእሰ ክብሪ ኣብ መበል ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዑ ኣሎ። ርእሰ ክብሪ ዝጉናጸፉ እምበኣር፡ ቀለልቲ ሰባት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም።

ብርግጽ ርእሰ ክብሪ ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን። ምስ ረኸብካዮ እውን ብቐሊሉ ክትዕቅቦ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓያል ስራሕ ዝሓትት እዩ።

ንርእሰ ክብሪ ሓደ ሰብ ዝጸልዉ ብርክት ዝበሉ ረቛሒታት ኣለዉ። ርእሰ ክብርኻ በዞም ዝስዕቡ ክጸሎ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ከተእትዎ ትኽእል ኢኻ፥

- ዕድሜ።
- ስንክልና።
- ስነ ተወርሶ።
- ሕማም።
- ኣካላዊ ብቕዓት።
- ማሕበራቐጠባዊ ደረጃ።
- ደረጃ ኣተሓሳስባ።

ሎሚ ኣብ ዓለምና እናገዘ ዝመጽእ ዘሎ ዓሌታውነትን ኣድልዎን ኣብ ርእሰ ክብሪ እቶም ግዳያት ኣሉታዊ ሳዕቤን ይፈጥር ከም ዘሎ ብዝተፈላለዩ ወገናት ይግለጽ ኣሎ። ንኣብነት እኳ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስፖርት ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ጸለም ሕብሪ ዘለዎም ስፖርተኛታትን ዝወርድ ዘሎ ዓሌታዊ ጸርፊ፡ ኣብ እቶም ግዳያት ኣሉታዊ ስንብራት የሕድር ከም ዘሎ ዝተፈላለዩ ዝምልከቶም ኣካላት ዓው ኢሎም ዝገልጽዎ ዘለዉ ግሁድ ሓቂ እዩ።

ብፍላይ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ክለባት ኤውሮጳ እዚ ተርእዮ ብተደጋጋሚ ይኸሰት ስለ ዘሎ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ዚ ሕማቕ ስምብራት ዝገድፍ ዓሌታዊ ጸርፊ ንምውጋድ፡ ዝተፈላለዩ ገስጋሳት ከካይዱን ኣብ ልዕሊ እቶም ዓሌታውያን ከበድ መቕጻዕቲ ክወስዱን ብመራኸቢ ብዙሓን ንከታተሎ ኣለና።

ኣብ መዳይ ርእሰ ክብሪ ስነ ተወርሶኣዊ ረቛሒ ንናይ ሓደ ሰብ ውልቃዊ መንነት ብጽወታ እዩ ክጸልዎ ዝኽእል ነይሩ። የግዳስ ሎሚ ኣብ ዓለምና ዝርአ ዘሎ ተመኩሮ ህይወት እዩ ዚያዳ ጸላዊ ዝኾነ ዘሎ።

ንኣብነት፡ ጠንቂ ትሑት ርእሰ ክብሪ ሕሉፍ ኾቶፈታ ወይ ኣሉታዊ ገምጋም ካብ ስድራ ቤትን ዓርኪ መሓዙትን ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ወትሩ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘማዕብሉ ሰባት ግዱ ዝኾነ ይኹን ኾቶፈታ ድምብርጽ ኣይብሎምን እዮ።

እኹል ርእሰ ክብሪ ከም ዘለካ እተረጋግጸሉ ቀለልቲ መንገድታት ኣለዉ። ገለ ካብ እቶም ነጥብታት ንምጥቃስ፥

* ኣብ ሕሉፍ ተመክሮታትካ ምኒን ካብ ምግላል ምሕያብ።

* ማዕረ ካልኦት ሰባት ምዃንካ እምንቶ ምሕዳር። ካብ ዝኾነ ሰብ ኣይትበልጽ፡ ካብ ዝኾነ ሰብ ኣይትንእስ!

* ንድሌታትካ ብንጹር ምግላጽ።

* ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ምጥራይ።

* ኣብ ህይወት እወታዊ ኣመለኻኽታ ምስራጽ።

* ኣብ እቲ 'ኣይፋል' ክትብሉ ዝግበኣካ መዳይ ዓይንኻ ዘይምሕሳይ።

* ንብልጫታትካን ድኽመታትካን ብዝግባእ ምልላይ። ኑቶም ብልጫታትካ ዚያዳ ብምሕያል፡ ንድኽመታትካ ክትኣሊ ምጽዓር።



እኹል ርእሰ ክብሪ ምውናን ናብ ሽቶኻ ንኽትበጽሐ ኣብ ምድራኽ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንሸኻ ኑቲ ኣብ ኣእምሮኻ ውጥን ዘውጻእካዮ ከም እትዓምሞ እናፈለጥካ፡ ንህይወትካ ክትጉበራ ስለ ዘኽእለካ። ብዘይካ'ዚ፡ እኹል ርእሱክብሪ ክህልወካ እንከሎ፡ ኣብ እትፈጥሮም ዝምድናታት ኣገደስቲ ደረታት ክትፈጥር ትኽእል። ከም ውጽኢቱ ምስ ገዛእ ርእስኻን ምስ ካልኦት ሰባትን ድልዱል ዝምድና ትፈጥር።

ብመንጽሩ ትሑት ርእሰ ክብሪ እውን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክግለጽ ይኽእል እዩ። ትሑት ርእሰ ክብሪ እንተ ደኣ ሃሊዩካ፥

- ምናልባት ካልኦት ካባኻ ንላዕሊ ዝሓሹ ከም ዝኾኑ ይስመዓካ ይኸውን።
- ምናልባት ንገዛእ ድሌትካ ምግላጽ ኣጸጋሚ ኩይኑ ክትረኽቦ ትኽእል ትኸውን።
- ምናልባት ኣብ ድኽመታትካ ጥራይ ተተኩር ትኸውን።
- ምናልባት ብተደጋጋሚ ብፍርሒ፡ ርእሱምጥርጣርን ጭንቀትን ትሳቐ ትኸውን።
- ምናልባት ኣብ ህይወት ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ይህልወካ ይኸውን።
- ምናልባት ገዛእ ርእስኻ ምቁጽጻር ይእግመካ ይኸውን።
- ምናልባት ምሕር ፍርሒ ከይትፈሸል ይህልወካ ይኸውን።
- ምናልባት እወታዊ መልሱዕንጋለ ኣብ ምቕባል ጸገም ይህልወካ ይኸውን።
- ምናልባት ኣይፋል ምባል የሸግረካ ይኸውን።
- ምናልባት ምስ ካልኦት ሰባት ዘለካ ዝምድና፡ ደረት ክትጉብረሉ ትጽገም ትኸውን።
- ምናልባት ንድሌታት ካልኦት ሰባት ቅድሚ ድሌትካ ትሰርዖም ትኸውን።
- ምናልባት ርእሰ ተኣማንነት ይሓጽረካ ይኸውን።

ትሑት ርእሰ ክብሪ ናብ ብርክት ዝበሉ ሕማማት ኣእምሮ ክመርሓካ ይኽእል እዩ። ገለ ካብ እቶም ሕማማት ምስ ጭንቀትን ቅዛንትን ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ትሕትት ርእሰ ክብሪ እንተ'ልዩካ፡ ሽቶኻ ምውቃዕ ኣጸገምካ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምስ ገዛእ ርእስኻን ምስ ካልኦት ሰባትን ድልዱል ዝምድና ኣብ ምፍጣር እውን ተጸገምካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ትሑት ርእሰ ክብሪ ብርግጽ ንጻይትት ህይወትካ ምሕር ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ክሱብ ናብ ርእሰ ቕትለት ክትደናደን ክዕዋንወካ ከም ዝኽእል፡ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና የጠንቅቑ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብዛዕባ ኩነታትካ ምስ ክኢላታት ስነ ልቦና ኢሂን ምሂን ምብህሃል ኣገዳሲ እዩ።

# ሕሉፍ ርእሰ ክብሪ

ገለ ሰባት ንልዕሊ ዓቐን ርእሰ ክብሪ ምስ ናርሲሰነት (ሕሉፍ ርእሰ ፍቕሪ) ወይ ኣዅት የደናግርዎ እዮም። የግዳስ ንኽልቲኦም ዝፈላልዩዎም ባህርያት ኣለዉ። እቶም ናይ ናርሲሰነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት፡ ብግዕዶ ልዑል ርእሰ ክብሪ ዘለዎም ኩይኖም ይረኣዩ እዮም። የግዳስ ናቶም ርእሰ ክብሪ እናሓንሳእ እምበር መጠን ልዑል፡ ካልእ ግዜ ምሕር ትሑት እዩ ዝኾነ። ርእሰ ክብሮም ርጉእ ኣይኮነን። ምስ ህሉው ኩነታት ቀጻሊ ዝለዋወጥ ርእሰ ክብሪ እዩ ዘለዎም።

እቶም ሕሉፍ ርእሰ ክብሪ ዘለዎም ሰባት፥

* ምናልባት ፍጹማት ሰባት ክኾኑ ህርዲግ ይብሉ ይኾኑ።

* ምናልባት ወትሩ ቅኑዓት ክኾኑ የድህቡ ይኾኑ።

* ምናልባት ኩሉ ከም ዘይፈሸሉ እምንቶ ይህልዎም ይኸውን።

* ካብ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ ዚያዳ ክእለት ከም ዘለዎም ወይ ዝበለጹ ኩይኑ ይስምዖም ይኸውን።

* ምናልባት ልዕሊ ዓቐሞም (grandiose) ሓሳባት ክገልጹ ይጽዕሩ ይኾኑ።

* ምናልባት ንኽእሉቶምን ብቕዓቶምን ልዕሊ ዓቐን ይግምቱ ይኾኑ።

ርእሰ ክብሪ ልዕሊ ዓቐን ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ እቶም ንሸኻ እትፈጥሮም ዝምድናታት ጸገም ክፈጥረልካ ይኽእል እዩ። ኣብ ማሕበራዊ ኩነታትካ ማሰናኽላት ክፈጥረልካ ይኽእል። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ዋላ ንኣሽቱ ኾቶፈታ ክትቅበል ዘይሰኮር ዓቕብ ክኾነካ ይኽእል።

ጸቡቕ ዕድል ኩይኑ፡ ንጸገማትካ ምስ ርድኢት ገዛእ ርእስኻ ከምኡ እውን እምንቶኻ ኣብ ክእለትካ እትገልጸሉም ደረጃታት ኣለዉ። ንርእሱክብርኻ ብኸመይ ትሃንጾ? ንርእሰ ክብርኻ ኣብ ምምሕያሽ ክትወስዶም እትኽእል ገለ ስጉምቲታት ኣዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥

- ብዛዕባ ኣሉታውያን ሓሳባት ዚያዳ ንቑሕ ኩን። ኑቶም ንርእሰ ክብርካ ብኣሉታ ዝጸልዉ ዘለዉ ዝነብዓት ሓሳባት ብዘየገድስ ከተለልዮም ኣሎካ። ሓሳባትካ ንህይወትካ ብጽወታ ይኾኑን ብኣሉታ ናይ ምጽላው ብቕዓቶም ኩቶ ኣቃሊልካ ክረኣዩ ዘይብሎም እዮም።
- ንኣሉታዊ ኣተሓሳስበኻ ብትብዓት በድሆ። ገዛእ ርእስኻ ኣብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ተሸሚማ እንተ ረኺብካያ፡ ኑቶም ኣሉታውያን ሓሳባት ብዚያዳ ክውንነታውያን እወታውያን ተክኣዮም።
- እወታዊ ርእሱዘረባ ተጠቐም። ብውሸጥኻ እወታውያን መረጋገጺታት ንገዛእ ርእስኻ ንገራ። ካብኻ ንላዕሊ ንገዛእ ርእስኻ ዘእምና ሰብ ኩቶ ክህሉ ኣይክእልን እዩ።
- ርእሱሕያውነት ተለማመድ። ብሕሉፍ ጌጋታት ንገዛእ ርእስኻ ካብ ምቕጻዕ ተቖጠብ። ብዘተኻእለካ መጠን ንገዛእ ርእስኻ ይቕረ ክትብላ ክትላመድ ኣሎካ። ብድሕሪ እዚ፡ ንኽለንተናኻ ብምቕባል ንቕድሚት ገጽካ ክትውንጨፍ ይግባእ።

ካብ ሕሉፍ ርእሰ ክብሪ ክተምልጥ ክትብል፡ ናብ ትሑት ርእሰ ክብሪ ከይትወርድ ልዑል ጥንቃቐ ምግባር ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ገለ ካብ ጠንቅታት ትሑት ርእሰ ክብሪ ኩቶ ዘይልወጡ ምኻኖም ክስቁረና ኣለዎ። ገለ ካብ እቶም ጠንቅታት - ስነ ተወርሶኣውያን ረቛሒታት፡ ተመክሮታት ግዜ ህጻንነት፡ ውልቃውያን ባህርያት፡ ... ክጥቀሱ ይኽእሉ።



ሓደ ሰብ ካብ እቲ ኻልእ ሰብ ኩቶ ዝበልጽ የለን። ዚ ሓቂ እዚ ምምሃዝ፡ ሚዛን ርእሰ ክብርኻ ኣብ ምሕላው ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ።

ሓደ ሰብ ርእሰ ተኣማንነቱ እንተ ኣጉዲሉ፡ ልዑል ርእሰ ክብሪ ክሃንጽ ኣይክእልን እዩ። ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ንመብዛሕትኡ ሰብ ርእሰ ተኣማንነት ከም ዘውሕዶ እዮም ዝገልጹ ዘለዉ። ዝበዝሐ ሰብ ኣብ ክእለቱ፡ ብቕዓቱን ገምጋሙን ርእሰ ተኣማንነት ይጉድሎ ኣሎ።

ማሕበር ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ኣመሪካ፡ "ሓደ ሰብ ኑቲ ስርሑ ዝጠልቦ ብቕዓት ብዝምልከት ዘሎ ሚዛን እንተ ኾይኑ፡ ርእሰ ተኣማንነት ክውህዶ ግድን እዩ።" ብምባል የዘኻኽሩ።

ርእሰ ተኣማንነት ተለዋዋጢ ክኸውን ይኽእል እዩ። ገለ ሰባት ኣብ ገለ መዳይ ሞያኦም ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ይህልዎም። ብመንጽሩ፡ ኣብ ካልእ ስርሖም ትሑት ርእሰ ተኣማንነት ክህልዎም ይኽእል።

ሊቃውንቲ፡ "ርእሰ ተኣማንነት ንጥዕናን ንስነ ኣእምሮኣዊ ጸቡቕ ህላወን ኣገዳሲ እዩ።" ብምባል ይገልጹ።

የግዳስ ምኽስኳስን ምጽጋንን ርእሰ ተኣማንነት ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ከም ዝፈሸልካ ወይ ጌጋ ከም ዝፈጸምካ ኩይኑ ክስምዓካ እንከሎ፡ ብቐሊሉ ከም እትኸስር ርዱእ እዩ። ክንዲ ዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ኣብ ምህናጽ ርእሰ ተኣማንነትካ ብንጥፈት ምስራሕ እምብዛ ኣገዳሲ ዝኾነ። ኣብ ምህናጽ ጥራይ ከይተሓጸርካ፡ ኣብ ምዕቃቡ እውን ብተዓጻጻፊ ክትሰርሕ ይግባእ። ቀጻሊ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ክትኣምን ኣለካ።

ሃና ኦወንስ፡ "ብዛዕባ ዓቕሚ ገዛእ ርእስኻ ትጠራጠር እንተ ኼንካ፡ ወሸጣውን ግዳማውን መሰናኽላት ከጋጥሙኻ ንቡር እዩ።" በሃሊት እያ። "ርእሰ ተኣማንነት ንዓኻን ኣብ ገዛእ ርእስኻ እንታይ ስምዒት ኣለካን ጥራይ ኣይኮነን ዝጸሉ። ንሸኻ እሙንን ክኢላን ምዃንካ ንኻልኦት እውን ይሃንጽ እዩ። እዚ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትን ኣብ ስራሕን እምብዛ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ።"

ጥዑይ ደረጃ ርእሰ ተኣማንነት ምውናን፡ ኣብ ውልቃውን ሞያውን ህይወትካ ዚያዳ ዕወት ንኽትከውን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታዊ ምርምራት ከም ዘረጋገጽዎ፡ እቶም ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ መዳይ ትምህርቶም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ እዮም ዝበጽሑ። መጠን ርእሰ ተኣማንነትካ፡ ብኸመይ ንገዛእ ርእስኻ ንኻልኦት ሰባት ከም ትገልጻ ይጸልዎ እዩ።

> *"ጁልማት ናይ እዛ ዓለም፡ ንብርሃንካ ክደውኖ ኣይተፍቅድ።*
> *ኣጸቢቕካ ብምድማቕ፡ ንኻልኦት ሰባት ኣነቓቕሕ።" - ካተሪን ኣፕልጌይት*
>
> *"ንርእሰ ክብርኻ ብዘይካ ባዕልኻ ዋላ ሓደ ሰብ ክምንጥለካ ዝኽእል የለን።"*
> ***- ፍራንክ ሶንበርግ***

**ይቕጽል**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

*23 መጋቢት 2017*

*10:00 ድ.ቐ. - ኣስመራ*

# ህይወት ኣብ ምስጋና



ወልፊ ክብሉ ከለዉሲ ናይ መስተ፡ ናይ ሽግራ፡ ጠላዕን ካልእን'ዩ ዝመስለኒ ዝነበረ። ካብ ብቑልዓይ ሕማቕ ልምዲ ምኺኑ እናተነግረኒ ግዲ ዓብየ፡ ናብዚ ከምዚ ዝበለን ካልእን ወልፊታት ፍርሒ ሓዊሰ'የ ዘይቀርብ። ሽጋራ ዝስሕብ ሰብ ቀራቢ የብለይን። ኣረ ሓደ-ሓደ ግዜ ሽግራ ዝስሕብ ሰብ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ሰላም እንተ ኢሉኒ፡ ልክዕ ከምዛ ሕማቕ መዓልቲ ከም ዝውዕል ዝነግረኒ ምልክት 'ፋል' ኩይኑ'ዩ ዝጥዕመኒ። ሓደ ግዜ ባባ ኣብ ገለ ዕቡጥ ባር ኣምሲዩ መጽአ። ገዛ ከፊቱ ቅልቅል ክብልን ሓርኳኹ ሽታ ሽጋራ ኣብ ኣፍንጫና ክበጽሕን ሓደ ኩነ። ኣነ ብዘይ ልበይ ብዓውታ "ፎእ!" ብምባል ብኽዳነይ ኣፍንጫይ ዓበስኩ። እቲ ሽታ ካብ ባባ ዝመጽአ ምዃኑ ምስ ፈለጥኩ ብብኽያት ተነኽኒኸ ክመውት ደለኹ። ከምዛ ንሱ ሽጋራ ክስሕብ ዘምሰየ ጥራይ ወሲደየ፡ ከረድኣኒ ኢሉ ክቐርብ፡ ኣነ "ከይትቐርበኒ፡" ኢለ ከእዊ ተረባሪብና። ካብዚ ከምዚ ወልፊ'ኳ መቸም ሳላ ፍርሐይ ድሒነ'የ። ዘምጽኣኒ ክጽሕፍ፥

ኣብዛ 'ፓስቲቸርያ' (እንዳ ፓስተ) ስራሕ ካብ ዝጅምር ሻምናይ ወርሐይ ሓሊፉ ኣሎ። ካብታ መጀመርታ መዓልቲ ዝመጻእኩላ ኣትሒዘ ፈቲኹዋ። ፓስተ ክንሽይጥ ኢና እንውዕል። ነዛ ድኳንን ንብረታን ብጽሬት ምሓዝ እቲ ዝዓበየ ስራሕና እዩ። ምሉእ መዓልቲ ዝነጠበት ርፍራፍ ክንለቅም፡ ፍር ዝበለ ሃመማ ክንሃድን ንውዕል። እዛ ድኳን ሰለስተ ብሰለስተ'ያ እንተ ኩነት። ኣብ ከባቢ ሜትሮን ገለን እቲ ፓስተ ዝሕዝ ብቤትሮ ዝተሰርሐ ባንኮ ተቐሚጡ ኣሎ። ካብቲ ባንኮ ጀሚርካ ንድሕሪት ዘሎ መንደቕ ከኣ ስካፋለ ኣብ መንደቕ ተሰቒሉ ይርከብ። ዝተፈላለየ ዓይነት ብሽኮቲ ከኣ ይስቀሎ። እቲ ባንኮ ክልተ ሜትሮ ቊመት ኣሎዎ። ብኽልተ ወገኑ ናብ መንደቕ ስለ ዘይለገበ፡ ብኽልተኡ ኣንፈት ኢና ንውሽጢ ባንኮ እንሓልፍ። ብድሕሪት ከኣ'ባ ናብ ካንሸሎ ተውጽእ ማዕጾ ኣላ። ፓስተን ብሽኮትን ኣብቲ ካንሸሎ'ዩ ዝስራሕ፡ በታ ማዕጾ ከኣ ንቀባበል። ብቕድሚት ድማ ሰሰለስተ ሰድያ ብኽልተኡ ወገን ተር ኢሉ ይቕመጥረ። ኮፍ ኢሉ ክበልዕ ዝደለየ ኮፍ ኢሉ ክበልዕ ይኽእል'ዩ። 'ልቸንሳ' ከኣ ኣብ ማእከል እቲ ስካፋለ ተሰቒላ ኣላ። እቲ ጻዕዳ መንደቕ ኵሉ ሳዕ ጻዕዳ ጥራይ ክኸውን'ዩ ተፈቒዱሉ። ዝበዝሐ ዓሚልና ፓስተ ጠጠቐሊሉ'ዩ ዝኸይድ።

መሳርሕተይ ኣዝዮም ጥዑማት እዮም። ኣብታ ድኳን እንውዕል ሰለስተ ሰብ ኢና። ክልተ ሽየጥቲ - ኣነን እልልታን፡ ሓንቲ ከኣ ንውሽጢ እናተመላለሰት ፓስተ ተምጽእን ብውሽጢ ካንሸሎ ዘሎ መሸጣ ጅምላ ትከታተልን - ወለላ እያ። 'ዓምና' ብዘይካ ምሸት መጺኣ ሕሳብ ምዕጻው ካልእ ስራሕ የብላን። ዝዓበየ መቈጻጸሪኣ እምነት'ዩ። እተን ኣብኡ ዝጸንሓኒ መሳርሕተይ ንዓመታት'የን ምስኣ ሰሪሐን። ስራሕ ንኽትቈጸረኒ ክረኽባ ከለኹ'ውን፡ "ንሳተን እየን ዋናታት ናብኣን ክወስደኪ፡" ኢላ'ያ ናብዘን ምጨዋት መሳርሕተይ ወሲዳትኒ። ንሳተትን ከኣ እቲ ስራሕ እዝግን እዝን እዩ ኢለን ገሊጸናለይ። ሽዑ ተሰማሚዕና። በዛ ኣገባብ ናይዛ ዋና እተን ስራሕተኛታት ናይ ምውሳን ዓቕሚ ከም ዘሎወን ተረዲኣ። ካብታ መጀመርታ መዓልቲ ከኣ ከም ሓዳስ ተመሃሪት ኩይነ ቀሪበየን። ንሳተን'ውን ብሩኻት እየን፣ ብዘይ ቃልዓለም ኣብ ውሽጢ ወርሒ ከምዛ ነብሰን ርእየናኒ። ክሳዕ ሎሚ ድማ ከም ገዛይ እምበር ከም ስራሕ ቈጺረዮ ኣይፈልጥን።

ገለ ኣዋርሕ ምስ ሰራሕኩ ሓደ ረፍዲ'ዩ፣ ወለላ፡ ፓስተ ብብዝሒ ዘወስዱ ኣብ ካንሸሎ ስለ ዝነበሩዋ ምሳይ ኣይነበረትን። እልልታ ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ምስ 'ዓምና' ነበረት። ኣነ ናይ ማዕጾ ቤትሮ ኣጸራርየ ናብ ባንኮ ምስ ተመለስኩ፡ ሓደ ጸጉሩ ዳርጋ መላጥ ወዲ ይኣቱ። ቅድሚ ገለ ምባሉ ነዛ ገዛ ብዓይኑ ኩለላ። ኣነ ከኣ ኩሊሉ ክሳዕ ዝውድእ ብትዕግስቲ እጽበዮ።

"ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሳዕ ጥራይ ትዛረባ፧" ሃንደበት ሓተተኒ። ሓሚሙ ከይብል ጥዑይ'ዩ ዝመስል፣ ይላኽፍ'ዩ ዘሎ ከይብል ዓቲቡ'ዩ ዝመስል፡ "እዋእ...እ ... 'ከመይ ሓዲርካ' ኢልና እንተ ዘይጀሚርና ምሉእ መዓልቲ ንዛረብ ኢና። ንስኻ ከመይ ሓድሪካ፧" በልኩዎ። ክርትም ኢሉ ስሒቑ።

"'ዛ ገዛ ፈትየያ ኣለኹ። ዝመረጽክለይ ፓስተ ሃብኒ።" ኣይተማታእኩን፡ ንግሆ ስለ ዝነበረ መኸፈቲ ኣፍ ዝኸውን ፓስተ ኣውጺኤ፡ መትሓዚ ብምግባር ኣትሓዝኩዎ እሞ፡ "ሕቶይ ኣይመለስካለይን፤" በልኩዎ።

"ኣምላኽ ይመስገን ጽቡቕ!" ድሕሪ ምባሉ ኣልግብ ኣቢሉ፡ "ግርም ጽቡቕ መዓልቲ በል ይግበረልካ!" በልኩዎ ምስናይ ፍሽኽታይ። ርእሱ ነቕኒቑ "ዝገርም'ዩ!" ጥራይ በለ። ንዝሓደርካዮ፡ ዝወዕልካዮን ዝምስኻዮን ምምስጋን ኣዝዩ ደስ ዝበለኒ መዓልታዊ ንጥፈታተይ እዩ። ንግሆ ካብ ዓራተይ ክትንስእ ከለኹ ኣመስግን፡ ስራሕ ውዒለ ገዛ ኣብ ዝኣትወሉ ብሩኽ መዓልቲ ዘውዓለኒ ኣመስግን፡ ክድቅስ እንከለኹ ኸኣ ነታ ምሸት ኣምስግን። ህይወት ኣብ ምስጋና'ያ ዘላ። ዘመስግን ሰብ፡ ናብ መንፈሱ ክንዲ ምንታይ ሰላም የእቱ ኣሎ ከምዚ ከማይ ካብ ብዓል እልልታ ዝተማህረ'ዩ ዝፈልጥ። እዚ ወዲ ንስራሕና ብዓይኑ ክኹላ እንከሎ ዘረኣየ፥ ጽሩይ ሓንቲ'ኳ ዘይተሰቕሎ ጻዕዳ መንደቕ፡ ንሓድሕዱ ብዓቐን ተፈላልዩ ዝተቐመጠ ብርሃን ዝመልአ ፓስተታ ዝሓዘ ባንኮ፡ ዝተወሰነ ብሽኮቲ፡ ኣብ ድሕሪ ባንኮ ኸኣ ሓንቲ ዓይኑ ዓይኑ ትጥምት ጓል። ኣብዚ ኣዝዩ ዝተሰርዐ ገዛ፡ ኣዝዩ ዝተሰርዐ ዘረባ ብፍቕዲ ክወጽእ ጥራይ'ዩ ዘለዎ ኢሉ ሓሲቡ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት ንሓሳቡ ዘራጉድ ንሱ ዝፈልጦ ሓቂ ክህሉ ይኽእል ይኸውን እዩ። ኣነ ኸኣ ሓቀይ እየ፤ ብምስጋና ዘይጅምር መዓልቲ ርግኣት ኣይፈጥረለይን እዩ። ከም ሰብ ተካል ትሓድረሉ፡ ተካል ትውዕለሉ፡ ተካል ተምሲየሉ ግዜ'ኮ መሊኡ ኣሎ። ካብቲ ናትካ ኣዝዩ ዝኸፈአ ዘሕልፍ'ውን ኣሎ። ዳሕረዎት መወዳድርተይ ንክኹኑ ዘይኩንኩ፡ እቲ ዘለኻዮ'ውን ብእወታዊ ዓይኒ እንተ ርኢኻዮስ ኣዝዩ ዝጸበቐ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንእሽተይ ጽባቐ፡ ንእሽተይ ርግኣት፡ ንእሽተይ ተስፋ ዘይትርእየሉ መዓልቲ ወይ ለይቲ ዘይብልካ ኣይትውዕልን ኣይትሓድርን ኢኻ ኢለ'የ ዝኣምን። ነዚ ክትርእዮ ግን ንእሽተይ ርግኣት ተድልየካ መሰለኒ። ንኽትረግእ ከኣ ናታ ንእሽተይ ምምስጋን የድሊየካ። ዘይረግአ መንፈስ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ሓሸውየ'ዩ ዘውዕለካ። ነዚ ወዲ'ውን እዚ ክብሎ ስለ ዝደለኹ'የ፡ 'ብኸመይ ሓዲርካ' እንተ ዘይጀሚርና ምሉእ መዓልቲ ክንዛረብ ከም እንውዕል ክነግሮ ዝደለኹ። ብዘይ ምስጋና እንተ ጀሚርና'ውን ከምኡ ማለት'ዩ።

ወዮ ወዲ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሩ ወይ ንግሆ ክሓልፍ እንከሎ፡ ወይ ኣብ ሓዲግ ሰዓት እናመጽአ ሓንቲ ሓንቲ ፓስተ ክዕድገልና ጀመረ። ኣብ ዝኾነ ሰዓት መጺኡ 'ከመይ ውዒልኪን ወይ ሓዲርክን' ኢሉና ኣይፈልጥን። ትኽ ኢሉ ሓንቲ ሕቶ ዱብ የብል። ኣነ ወይ እልልታ ኸኣ ኣብ ኣፍና ዝጸንሓና ዱብ ዝብሎ ዘረባ ንድርብየሉ። "ዝገርም'ዩ!" ኢሉ ኸኣ ይዕዘር። ከምዚ ኢልና ነዊሕ ምስ ከድና፡ ከም ልሙድ ብጊንጢ ሕቶ ጀሚሩ ጊንጢ መልሲ ምስ ረኸበ "ዝገርም'ዩ!" ኢሉ ኮፍ ብምባል ፓስተኡ ክበልዕ ጀመረ። በብመዓልቱ ኣብቲ ገዛ ክግበራ ዝጽበየን ለውጥታት ከማኸረና ጀመረ። ማዕጾ ትም ኢሉ ሃህ ካብ ዝበል፡ ንውሽጢ ምርኣይ ዘይክልክል ዘረፍረፍ ክግብር'ሞ እቲ ኮፍ ኢሉ ዝበልዕ ብሕት ኢሉ ክበልዕ ከም ዝኽእል፣ ደድሕሪ ሃመማ ካብ ምኻድ ሓንቲ ስሚ ሃመማ ዝኹነት ኤሌክትሪክያዊት መሳርሒ ከነንጠፎል፣ ነተን መናብር ንኣሽቱ መቐመጢ ጣውላ ክንገብረሉ፣ መብራህቲ ናይቲ ገዛ ኣብ መንደቕ ሃሪሙ ከም ዝመጽእ ክኸውን፣ ሻሂ-ቡን እንተ ተረፈስ ከም ለስላሳን ማይን ዝኣመሰለ መውረዲ ክቐረብ፣ ...። ንሕና ከኣ ካብቲ ናይ ስራሕ ሰልዲ እናወሰድና እንተ ሰለጠና ንጽብሓይቱ፡ እንተ ደንጒና ከኣ ድሕሪ ሰሙን ገይርናያ ንጸንሖ ነበርና። መጺኡ መስ ርኣያ "ዝገርም'ዩ!" ጥራይ'ዩ ዝብል። በዚ ከኣ ብድሕሪኡ ክንዘክሮ እንከለና "ገረመ" ኢልና ክንጽውዖ ጀሚርና። ኵሉ ሳዕ ክወጽእ እንከሎ፡ "ጽቡቕ መዓልቲ ወይ ምሸት ይግበረልካ፡" ከይበልና ኣይንሰዶን ኢና። ንእኡ ጥራይ ዘይኩነ ንዝኾነ ዓሚል ኣይንበቀሉን ኢና።

ሓደ መዓልቲ ገረመ ክልተ ብቤትሮ ዝተሰርሓ ሱሳ ሰንቲ ሜትሮ ዝቑመተን፡ ዕስራ ሰንቲ ሜትሮ ዝጒድነን፡ ብኽልተ ወገነን ብሰንሰለት ዝተታሕዛ ታቤላ ኣብ ባንኮና ኮፍ ኣበለን። ኣብታ መዓልቲ 'ዓምና' ምሳና ደው ኢላ ተዕልል ነበረት። ከም ቀደሙ ሰላም ኣይበለን።

"እዚኣን ኣኣብ ሰዓተን ብውሽጢ ኣብ ልዕሊ እዚ ልዳት ስቐላኣን። ዓሚል ፓስተ ክትህቦኦ እንከለኽን 'ጽቡቕ መዓልቲ' ወይ 'ጽቡቕ ምሸት' ክትብላኦ ከለኽን ብእዝኑ ክሰምዓክን እዩ። ንኽወጽእ ገጹ ክቕይር እንከሎ ከኣ እዚ 'ጽቡቕ መዓልቲ' ወይ 'ጽቡቕ ምሸት' ዝብል ብዓይኑ ክንብብ እዩ። ከምቲ ትብላኦ ከኣ ንሓንሳእ ከመስግን'ዩ፡ ንሓንሳእ 'ኣሜን' ክብል'ዩ። 'ኣሜን'፡ እታ ዝደቐቐት ናይ ተስፋ ባእታ'ያ። ንሓንሳእ ክትስፎ'ዩ፡" በለና። እታ ልማዱ ዝኹነት ፓስተ ምስ ሃብኩዎ ኮፍ ኢሉ ክበልዕ እንከሎ ንዓምና እቲ ኵሉ ዝገበርናዮ ለውጢ ናቱ ሓሳባት ምዃኑ ነገርናያ።

"ኣዚና ኢና ነመስግነካ፣ ካብ ዋጋ እቲ እትገዝኦ ንብረትን ቀሪብን እቲ ሓሳብ'ዩ ዝኸብር። ድሕሪ ሕጂ ንግሆ ንግሆ ቊርሲ ኣትኸፍሎን ኢኻ ካብዚ ገዛ'ዩ። ከም ገዛኻ ሓሲብካ መጻእ፡" በለቶ። ገረመ ፓስተኡ እናሓየኸ ፍሽኽ በላ። ገረመ ንግሆ ናብ ስራሕና ቅልቅል ክብል እንከሎ ቅድሚ ፓስተኡ ዝፈትዋ ደርፌ ኢና ንውልዓሉ፣ 'ምንባር' ናይ ኣብርሃም ኣፈወርቂ። ኣብታ መዓልቲ'ውን ወሊዕናያ ነበርና። ምስታ ደርፌ ጸጸኒሑ ርእሱ ከወዛውዝ ጸኒሑ "እንታይ ይመስልኪ...፡" በላ፣ "ኣብዚ ገዛ ብዙሕ ብዘይ ክፍሊት ንወስዶ ነገራት ኣሎና። ፓስተኹም ዓሰርተ ዓሰርተ ክልተ ቅርሺ ኢና ንኸፍለሉ። ክቡር'ዩ፣ ሕሱር ከኣ'ዩ። መጀመርታ መዓልቲ ናብዛ ገዛ ዝተቐልቀኩላ ይገርመኒ'ዩ። ካብዛ ገዛ ሓደ ነገር ክመሃር ብምኽንያት ዝኾነ'ዩ ዝመስለኒ። በዚ መገዲ ዘምጽእ ምኽንያት ዋላ ሓንቲ'ዩ ዘይብለይ። ካብዚ ሳልሳይ ወይ ራብዓይ ኣንጎሎ'ዩ መገደይ። ኣብታ ረፍዲ ሕማቕ ሓሳባት ኣብ ርእሰይ እናዕገርገረ ናብዚ ኣብጺሑኒ። እዚ ዝተሰርዐ ገዛ፡ ነቲ ዝጋሕመጠ ውሽጠይ ንእሽተይ ከዕርፈለይ ክጅምር ከሎ፡ እዛ ጠፍናቕ ጓልኪ ቀላል ትመስል ግን ከኣ ኣብ ውሽጠይ ጽቡቕ ገይራ ዝተሸኽለት ዘረባ ደርብያትለይ። ንጽባሓይቱ፡ ብድሕሪ ጽብሓይቱ፡ መዓልታዊ ኣብዛ ገዛ ከይተሳለምኩ ክኸይድ ዘይክእል ኩይነ። ካብዚ ገዛ ሓደ ንህይወተይ ምሉእ ዝተሓብኣኒ ሓቂ ረኺበ'የ። ኣነ'የ ክኸፍል ዝግብኣኒ፣ ኣነ'የ ከምስግን ዝግብኣኒ።" ብምባል ንመጀመርታ ግዜ "ጽቡቕ መዓልቲ ይግበረልና፡" ኢሉና ወጽአ። ጠመተኡ ዓሚቕ፡ ዘረባኡ ካብ ጊንጢ ዝወጽአ ሓድሽ ብምንባሩ ኣይፈኹሰናን። እንትርፎ "ኣሜን" ኢልና ንሓድሕድና ምጥምማት ኣይተዛረብናን።

ካብታ መዓልቲ ክሳዕ ሎሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ገጹ ኣይረኣናዮን። ስሙ፡ ኣድራሻኡ፡ ተለፎኑ ... የብልናን። መዓልታዊ ክመጽእ እናተጸበና ኣብ ሻቕሎት ኣተና። መዓልታዊ እናመጽአ ንኣተሓሰሳባና፡ ኣረኣእያና፡ ፍልስፍናና፡ ኩታ ውሽጥና ክንፍትሽ ሓጊዙና። ንስራሕና ክንየ ንኽብዲ ዝኸውን መግቢ ምቕራብ፡ ንመንፈስ ዝኸውን መግቢ ክንቕርብ ከም እንኽእል ኣርእዩና። ካብቶም መግቢ ከብዲ ጥራይ ዝሸጡ፡ እቶም መግቢ መንፈስ ወሲኾም ዝሸጡ ዝያዳ ዕጉባት ከም ዝኾኑ ምሂሩና። ግን'ሞ ድሕሪኡ ዋላ ሓንቲ መቐረት ስኢንናሉ። ዘምጽኣለን ዝነበረ ሰዓታት መዓልታዊ ቀጨውጨው እናበላና ይሓልፋ ኣለዋ። ገረመ ዝገርም ወልፊ ገዲፉልና።

ሜሪ ማና

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## “ቻይና ምስ ሰሜን ኮርያ ዘምድናኣ ንምዕማቕ ድልውቲ ኣላ” ሺ ጂንግፒንግ

ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ በይጂንግ ምስ ፒዮንግያንግ ስትራተጂያዊ ዝምድናኣን ዝያዳ ንምዕማቕ ድልውቲ ምዃና፡ ናብ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ ገሊጹ፡፡

ፕረዚደንት ሺ ኑቲ መልእኽቲ፡ ብምኽንያት መበል 77 ዓመት ምምስራት ሰሜን ኮርያ እዩ ሰዲዱዎ፡፡

ንሱ፡ ንሰሜን ኮርያዊ መዘናኡ ኪም ጆንግ ኡን “እንቋዕ ኣሐጎሰካ” ድሕሪ ምባል፡ “ቻይና ምስ ሰሜን ኮርያ ዘለዋ ስትራተጂያዊ ዝምድና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምዕባይ ድልውቲ እያ ዘሎ” ኢሉ፡፡

ዝሓለፈ ሰሙን ከም ጆንግ ኡን ማብል 80 ዓመት ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ንምዝካር ኣብ በይጂን ኣብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ምርኢት ንምስታፍ ናብ ቻይና ድሕሪ ምኻዱ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ዝያዳ ንምዕማቕ ብሓባር ንድፊ ከም ዘቕረቡ'ዮም ጸብጻባት ዜና ዝሕብሩ፡፡

ክልቲኦም መራሕቲ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጉዳይ መጻኢ ሃገራቶም ኣተኩሮም ዝርርብ ከም ዝገበሩ፡ ሓባራዊ ረብሓታት ሃገራቶም ንምሕላው ሓባራዊ ጻዕሪ ክገብሩ ቃል ከም ዝኣተዉ እዮም ጸብጻባት ዜና ወሲኾም የመልክቱ፡፡



## ብሪጣንያ፡ ስደተኛታት ንዘይቕበላ ሃገራት ቪዛ ከም እትኽልክል ኣጠንቂቓ

ብሪጣንያ፡ ንስደተኛታት ንምምላሶም ንዘይሰማምዓን ዘይተሓባበራን ሃገራት ቪዛ ምሃብ ደው ከተብል ከም እትኽእል፡ ሓዳስ ጸሓፊት ወሽጣዊ ጉዳያት ናይ'ታ ሃገር ሻባና ማሕሙድ ሓቢራ፡፡

ሻባና ኣብ'ዚ ዝገለጸት፡ ‘ፋይቭ ኣይስ’ ኣብ ዝተባህለ ኣኼባ ንምስታፍ ካብ ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድን ካናዳን ምስ ዝመጹ ሚኒስተራት ኣብ ዘዘራረበትሉ እዋን እዩ፡፡

ሻባና ጸሓፊት ወሽጣዊ ጉዳያት ብሪጣንያ ኩይና ድሕሪ ምሻማ ኣብ ዝሃበቶ ፈላሚ መግለጺ፡ ቀዳምነት ሂባ ትሰርሓሉ ጉዳይ - ዶብ ሃገራ ብምውሓስ ስደተኛታት ከይኣትዉ ምክልኻል ምዃኑ ኣረዲኣ፡፡

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ጥራይ ልዕሊ 30 ሽሕ ሰባት ብንኣሽቱ ጀላቡ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብታ ሃገር ከም ዝኣተዉ ዝጠቐሰት እታ ብዓልቲ ስልጣን፡ “እዚ ኣሃዝ ፍጹም ተቐባልነት የብሉን” ክትብል ገሊጻ፡፡

ብዘሎ. ናይ'ቶም ብንኣሽቱ ጀላቡ ገይሮም ናብ ብሪጣንያ ዝኣተዉ ስደተኛታት ካብ ዝሓለፈ ዓመት ብ37 ሚእታዊት ከም ዝወሰኸ እዮም ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ዘመልክቱ፡፡

እታ ጸሓፊት ብዛዕባ ቪዛ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ ድማ፡ “ብፍላይ ምስ'ተን ዝሰገሩ ዜጋታተን ዘይቕበላ ሃገራት፡ እቶም ኣብዚ ክሰብሩ ፍቓድ ዘይብሎም ስደተኛታት ናብ ዓዶም ክንመልሶም ከም እንኽእል ንምርግጋጽ ብሓባር ኩይና ክንሰርሓሉ እንኽእል ባይታ ኣሎ፡፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ዘይተሓባበራ ሃገራት ግና ቪዛ ናይ ምኽላእ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና” ኢላ፡፡

ሻባና፡ እተን ኣብ መጻኢ ቪዛ ዝእገዳ ሃገራት ብዓል መን ክኾና ከም ዝኽእላ ግን ኣይገለጸትን፡፡

ኪዳን ‘ፋይቭ ኣይስ’፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ንዊሕ እዋን ዝጸንሐ ስምምዕ ስለያዊ ምትሕብባር እዩ፡፡



## ናታንያሁ ንነበርቲ ወሽመጥ ቓዛ የጠንቀቐ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንጃሚን ናታንያሁ፡ ነበርቲ ቓዛ ብቕልጡፍ ካብ'ታ ከተማ ለቒቖም ክወጹ ኣተሓሳሰበ፡፡

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ነዚ መተሓሳሰቢ'ዚ ዘመሓላለፈ ዘሎ፡ ትካል ሰብኣዊ ማሕበር ሕቡራት ሃገራት፡ ንእስራኤል በቲ ኣብ ልዕሊ ቓዛ እትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕትታት ኣብ ዝኸሰሰሉ ዘሎ እዋን እዩ፡፡

ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ቮልከር ቱርክ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንእስራኤል “ገበን ኩናት ኣብ ልዕሊ ገበን ኩናት ትፍጽም ኣላ፡ ኣብ ቓዛ ዝረአ ዘሎ ዕንወት ንዓለም የሰንብድ ኣሎ” ክብል ከሲሱ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ “እስራኤል ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ (ICJ) ቀሪባ ክትምልሶ ዘለዋ ጉዳይ ኣለዋ” ኢሉ፡፡

ሲቪላዊ ድሕነት ፍልስጤም ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ ዝሓለፈ ሰንበት ዝጀመረ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ቓዛ ልዕሊ 50 ህንጻታት ከም ዘፍረሰ፡ ካልኦት 100 ህንጻታት ድማ ብኸፊል ከም ዝተጎድኡን ገሊጹ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ እስራኤል ኣብ ጎደና መጸለሪ ተመዛበልቲ ንዝርከብ መንበሪ ቴንዳታት ኲሉ ኢላ ብምድብዳብ፡ ኣብ ዝሓለፈ 24 ሰዓታት ጥራሕ ልዕሊ 200 ቴንዳታት ከም ዘፍረሰት፡ እቲ ሲቪላዊ ድሕነት ከሲሱ፡፡

መሳገደን ሜዳታት ስፖርትን ናይ'ታ ከተማ'ውን ኣብ ዒላማ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣትዩ ከም ዘሎ፡ ወሲኹ ኣረዲኡ፡፡

ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ጥራይ ብሰንኪ እቲ እስራኤል ንህንጻታት ናይ'ቲ ወሽመጥ ንምዕናው ኢላ እትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕትታት ልዕሊ 50 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ኣፍሊጡ፡፡

ሰዓብ ብወገና ንፍልስጤም ዘለዋ ደገፍ ንምግላጽ፡ ኣጸዋር ጸዓነን ናብ እስራኤል ዝኣትዋ መራኽብን ነፈርትን ወደባታን ክሊ ኣየራን ንኸይጥቀማ ክትዓግት፡ ንፍልስጤማውያን እትገብሮ ሰብኣዊ ሓገዛት ከተዛይድ፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት እስራኤል ዝፈረያ ንግዳዊ ኣቑሑት ድማ ናብ ዕዳጋታታ ከይኣትዉ ክትእግድ ምዃና ኣጠንቂቓ፡፡



## ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ እገዳ ከም ዘንብር የጠንቀቐ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሩስያ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ከቢድ መጥቃዕቲ ኣየር ድሕሪ ምፍጻማ፡ ኣብ ልዕሊኣ ተራር እገዳ ከም ዘንብር ኣጠንቂቑ፡፡

ሩስያ ብሰንበት ኣብ ከተማ ኪየቭ ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ኣርባዕተ ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ንህንጻ ካቢነ ሚኒስተራት ናይ'ታ ሃገር ድማ ከም ዘዕነወቶ ይፍለጥ፡፡

ኣፈኛ ክረምሊን - ዲሚትሪ ፔስኮቭ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝነብር ተወሳኺ እገዳታት ንመርገጺ ሩስያ ፈጺሙ ክቕይሮ ከም ዘይክእል ገሊጹ፡፡

ድሕሪቲ መጥቃዕቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ኩነታት ከም ዘይተሓጎሰ ብምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር እገዳ ንምጽናዕ ይዳሎ ከም ዘሎ ሓቢሩ፡፡

ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ስኮት በሰንት፡ ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ቁጠባዊ ጸቕጢ ንምግባር ድልውቲ ከም ዘሎ፡ እንተ ኾነ ሓያል ደገፍ ኤውሮጳ ከም ዘድሊ ገሊጹ፡፡

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ መራሕቲ ኤውሮጳ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ሰሙን'ዚ ናብ ዋሽንግተን ብምምጻእ፡ እቲ ኩናት ዘብቅዓሉ መንገድታት ንምንዳይ ክዘተዩ ትጽቢት ገይሩ ከም ዘሎ ሓቢሩ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ክዘራረብ መደብ ከም ዘለዎ'ውን ኣፍሊጡ፡፡

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ብወገኑ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ሩስያ ጸዓት ምሻማት ምሉእ ብምሉእ ደው ከብላ ጸዊዑ፡፡

ንሱ፡ “ካብ ሩስያ ዝኾነ ዓይነት ጸዓት ምግዛእ ደው ከብሎ ክንክእል ኣለና፡፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ ምስ ሩስያ እንገብሮ ውዕላት ደው ከብሎ ኣለና” ኢሉ፡፡



እቲ ፕረዚደንት ቀጺሉ፡ ትራምፕ ዝኸተሎ ዘሎ ናይ ታሪፍ ስትራተጂ፡ መጠን ኣታዊታት ሞስኮ ኣብ ምንቁልቋል እወታዊ ተራ ከም ዘህልዎ ብምግላጽ፡ “ቅኑዕ ሓሳብ” ክብል ንኢዱ፡፡

## መክሲኮ - ብሓደጋ ኣውቶቡስ 10 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ማእከላይ ክፋል መክሲኮ ናይ ህዝቢ ኣውቶብስ ምስ ባቡር ብምግጣዋ ዓሰርተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ብውሑዱ 61 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ሓቢሩ፡፡

ትካል መንገዲ ባቡር ናይ'ታ ሃገር፡ ንስድራቤት ግዳያት ጸገዎት ድሕሪ ምምናዩ፡ መራሕቲ መካይን ምልክታት ትራፊክ ከኽብሩን ኣብ መሳገሪታት ባቡር ደው ክይብሉን ጸዊዑ፡፡

እቲ ሓደጋ፡ ካብ ርእሲ ከተማ ሜክሲኮ ሰቲ ኣስታት 115 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ኣትላኮሙልኮን ማይራቫቲያ ዝተባህለት ከተማ እዩ ኣጋጢሙ፡፡

ቤት ጽሕፈት ዋና ዓቃቢ ሕጊ መክሲኮ፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ቶም ግዳያት ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝኾና ድሕሪ ምግላጽ፡ ሓያለ ካብ'ቶም ኣብ ሆስፒታል ተዓቝቦም ዘለዉ ሰባት ኣብ ኣሰጋኢ ኩነታት ከም ዘለዉ ኣረዲኡ፡፡

ኣብ ላቲን ኣመሪካ ቀታሊ ሓደጋታት ኣውቶብስ ብተደጋጋሚ ከም ዝርአ እዩ ዝግለጽ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት'ውን ኣብ ደቡብ መክሲኮ በጺሒቲ ጽዒና ትግዓዝ ዝነበረት ኣውቶብስ ምስ ሓንቲ መኪና ብምግጫዋ ልዕሊ 40 ሰባት ከም ዝሞቱ ዝዝከር እዩ፡፡

ኣብ 2023፡ ኣብ መክሲኮ ብድምር 12,099 ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ከም ዘጋጠሙ፡ ብሰንኩ ድማ ኣስታት 1,900 ሰባት ከም ዝሞቱን ናይ ልዕሊ 100 ሚልዮን ዶላር ዕንወት ኣብ ንብረት ከም ዘጋጠመን ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ይሕብሩ፡፡




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኪዳነምሕረት | 10/9/25 | ጎደና ሰሓርቲ -835 ቁ.115ቁባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565